# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.290 | ዓርቢ 4 ነሓሰ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ልዕሊ ንቡርናይ ምምጋብ ልምዲ ብኸመይ ንኣልዮ?



ገጽ 3
ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን


ገጽ 4
ምልክታት ዘፍቀረ ወዲ

ገጽ 5
'መጽሓፍ' ከም እንታይ . . .?


ገጽ 7
ቀዳማይ ዙር ሻምፕዮና ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ተዛዚሙ



## ቤት-ጽሕፈት 'መውል' ዞባ ደቡብ ዝርጋሐኡ የስፍሕ



ቤት-ጽሕፈት መደብ ወህለላን ንኡስ ልቓሕን - 'መውል' ኣብ ዞባ ደቡብ ዝርጋሐኡ ብምስፋሕ ዜይተበጽሐ ከበባታት ንምሽፋን ከካይዶ ብዘጸንሐ ጻዕሪ ኣብዚ ዓመትዚ 7 ዓዲውያን ጣቕታት ብምኽፋት፡ 1,435 ሓደስቲ ዓማዊል ከምዝወሰኸ ገሊጹ።

ብ27 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ትርፈ ገብረየውሃንስ፡ ኣብ ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ 13.7 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ክዝርግሕ እንከሎ፡ 13.5 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝኣከበ፡ ብሓፈሻ ድማ - ልዕሊ 29 ሚልዮን ናቕፋ ተዋፊሩ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ኣብ መላእ'ቲ ዞባ 61 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 9,412 ዓማዊል ከም ዘለውዎም ዝጠቐሰ ኣቶ ትርፈ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ልምዓት ጀራዲን ዝጥፍኡ ከምዝኾኑ ወሲኑ ብሕታውያን ትካላትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ምዃኖም ኣረዲኡ።

ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ 'መውል' ኣቶ ታፍላ ኣስመሮም፡ እቲ ትካል መሳርሒ ዜጋታት ንምምሕያሽ ኣብርክቶኡ ኩብ ንምኽል ይንቀሳቐስ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ብጉጅለ ዝወሃብ ልቓሕ ንምሕያል ክሰርሕ ተላቢዩ።

## መንእሰያት ሰራሕተኛታት ምም/ዞባ ማእከል ንስድራ-ሰውኣት ሓጊዞም

ውዳብ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ን38 ስድራ-ሰውኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ኣበርኪቶም።

እቲ ብ1 ነሓሰ ብመንገዲ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዕዳጋ-ሓሙስን ኣኽርያን ዝተመቓርሐ ገንዘብ፡ ንናይ ሓደ ስድራ 2,125 ናቕፋ እዩ።

ኣቦመንበር'ቲ ውዳብ ኣቶ መድሃኔ ዘርኡ፡ እቲ መደብ ብመሰረት'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ስለ ምስ ወከልቲ ኩለን ክፍልታትን ንኡሳን ዞባታትን ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ካብ ዝቐረበ ሓሳብ ዝተበገሰ ምዃኑ ብምሕባር፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ወርሓዊ 20 ናቕፋ ብምውጻእ - 17 ሽሕ ናቕፋ ከም እተኣከበ ገሊጹ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ እቲ ብመንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝተወሰደ ተበግሶ - ንኻልኦት እውን ኣርኣያ ምዃኑን ዝያዳ ክድፋኣሉ ከምዝግብኦን ኣተሓሳሰበ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብዘበግሶኦም ንዓመት ዝሽፍን 330 ስድራ ሰውኣት - ወርሓዊ ንነፍሲ-ወከፈን 500 ናቕፋ ክሕግዙ መብጽዓ ከምዝኣተዉ፡ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣብ ፈረንሳ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ድማ፡ ንመናበዪ ስድራ-ሰውኣት ዝውዕል 5,719 ዩሮ ከም ዘበርከቱ፡ ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ዝጸሓፍና ሓበሬታ ገሊጹ።

እቲ ገንዘብ፡ ኣብ ከተማታት ፓሪስ፡ ልዮን፡ ናንትን ቱሉዝን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ዘወፈይዎ እዩ።

## ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ጻዕሪታት ክሕይል መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል፡ "ዓሶ ንምጥፋእ ቃልስና ነሐይል" ብዝብል ቴማ፡ ብምኽንያት 'ሃገራዊ ቅነ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ' ካብ 24 ሓምለ ክካየድ ዝቖየ ንጥፈታት፡ ብ31 ሓምለ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ብዝተገብረ ስነስርዓት ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዘርኣይ ሃብተማርያም፡ ሕማም ዓሶ ዘስዕቦ ሞትን ኣብ ስድራ-ቤታትን ሕብረተሰብን ዘኸትሎ ማሕበራ-ቁጠባዊ ሃሰያን ብምግንዛብ፡ እቲ ሕማም ንኸጠፍእ ንቑሕ ተራ ሕብረተ-ሰብን ወሃዊድ ጻዕሪ ዝምልከቶም ኣካላትን ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ኣቶ ክብረኣብ ተስፋሚካኤል ድማ፡ ኣብ 2018 ኣስታት 0.4 ሚእታዊት ዝበረ መልክፍቱ፡ ኣብ 2022 ናብ 0.15 ሚእታዊት ከምዝወረደ ብምሕባር፡ ካብ 2016 ክሳብ 2030 ዓሶ ንምጥፋእ ዝወጸአ ዓለማዊ ውጥን ንምስምር - ህዝቢ ኣጥርያዎ ዘሎ ንቕሓት ንምብራኽ ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ተላቢዩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል ኮሎኔል ገብረሃንስ ወልደገርግስ፡ ዛጊት ዝተዓመ ስራሕ ዘተባብዕ'ኳ እንተኾነ ከዚ ከምዝይግባእ ብምዝኽኻር፡ ኩሉም ናይ ስራሕ መኣርኽቲ ብወሃደት ክሰርሑን ተኣታታፍነቶም ከዕዝዙን ኣተሓሳሰበ።




## ተጋዳላይ ዮናስ ደበሳይ ተሰዊኡ

ኣባል ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ - ገዲም ተጋዳላይ ዮናስ ደበሳይ ህዳድ፡ ብዘጋጠሞ ሃንደበታዊ ሕማም ብ2 ነሓሰ ኣብ መበል 81 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።


ኣብ ወርሒ ለካቲት 1975 ናብ መኣርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ዮናስ ደበሳይ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍልታት ውድብን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ - ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ግንባርን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ገዲም ተጋዳላይ ዮናስ ደበሳይ በዓል ሓዳር እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 3 ነሓሰ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ዮናስ ደበሳይ ህዳድ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሓዙቱን ጽንዓት ተመንዩ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ልዕሊ ንቡር ናይ ምምጋብ ልምዲ ብኸመይ ንኣልዮ?

ኣብ ኣመጋግባና ዘለና ድሌታት ዝተፈላለየ እዩ። ገለ ካብና ፕሮቲን ዘለዎ - ከም ስጋን ጸባን ዝኣመሰሉ መግቢታት ዝያዳ ንጽርፍ። ገሌና ደማ ኣሕምልቲ ምምጋብ ቀዳማይ ምርጫና ንገብር። ጥዕና ሃልዩና ኣካላትና ብግቡእ ክሰርሕ፣ ኣመጋግባና ዝተመጣጠነ ክኸውን ይግባእ - ንኹሉ ዓይነት መኣዛዊ መግቢ ዘጠቓልል።

ዝኾነ ነገር ካብ ዓቐኑ ምስ ዝሓልፍ ጸቡቕ ኣይኮነን። ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምብላዕ ንጥዒና ርእሱ ሓያሎ ጸገማት ጥዕና እዩ ዘኸትል። ኣመጋግባና ካብ ዓቐሚ ንዘልኩ ዝተሓተ ምስ ዝኸውን'ውን ንባዕሉ ጸገም ጥዕና የስዕብ እዩ። እቲ ጸገም ምናልባት ኣብ ገሌና ኣብ ሓጺር ግዜ፣ ማለት ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ፣ ክኸሰት ይኽእል ይኸውን። ኣብ ገሌና ድማ፣ እቲ ሳዕቤን ድሕሪ ዓመታት ክገሃድ ይኽእል።

ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምውሳድ ክብደት ክንውስኽ፣ ከምኡ'ውን ብሕማም ሽኮርን ጸገማት ልብን ዝኣመሰሉ ሕዱር ሕማማት ክንጥቃዕ ንዘለና ተኽእሎ የዕቢ።

ሓደ ሰብ ዝለመዶ ብዙሕ ናይ ምምጋብ ልምዲ ኣብ ሓጺር እዋን ከቋርጾ ከቢድ'ኳ እንተኾነ፣ ነቲ ልምዲ ንምእላይ ዝሕግዙ ገለ ቴክኒካት ተዘርዚርዎም ኣለው፦

*** ኣቓልቦ ምስኣብ**

ኣብ እትምገበሉ እዋን፣ ሓሳብካ ናብ ስራሕ ወይ ካልእ ከም ዘዘንብል ምግባር፣ ሓደ ካብ'ቲ ልዕሊ ዓቐን ከም እንምገብ ዝገብር ሕማቕ ልምዲ እዩ። እናተመገቡ ተለቪዥን ብምዕዛብ ወይ ብኮምፒዩተር ብምስራሕ ኣቓልቦኦም ዝተሰልቡ ሰባት፣ ዝያዳ መግቢ ከም ዝወስዱ መጽናዕትታት የረድኣ።

'ትራሰት ሶርስ' ዝተባህለ መጽናዕታዊ ትካል፣ 24 መጽናዕታዊ ጽሑፋት ገምጊሙ ኣብ ዝረኸቦ ወጽኢት፣ ኣቓልቦኦም ብኻልእ ነገር እናተሳሕቡ ዝምገቡ ሰባት ልዕሊ ዓቐን ከም ዝምገቡ የረጋግጽ። ምስ'ቶም ብግቡእ ኣብ ሰዓቶም ዝምገቡ ሰባት ብምንጽጻር፣ እቶም ኣብ ኣመጋግቦኦም ኣደህቦ ዘይገብሩ ሰባት ብተደጋጋሚ መግቢ ክወስዱ ከም ዝረኣዩ እቲ መጽናዕታዊ ወጽኢት ብዝወሰኸ የረድእ።

*** ብዙሕ ክትበልዕ ዘገብሩ መግቢታት ምልላይ**

ገለ ዓይነት መግቢታት በሊዕካ ዘይትጽገቦም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ዓይነት መግቢታት'ዚኦም ብግቡእ ምስ እተሰተብህለሎም፣ ካብ ምምጋቦም ክትቁጠብ ይከኣል እዩ። ካብኦም ምሉእ ብምሉእ ክትሕረም ኣለካ ማለት ግን ኣይኮነን። ብውሑድ ዓቐን ከተዳልዎምን ክትቅርቦምን ትኽእል ኢኻ።

ንኣብነት 'ኣይስ ክሬም' ካብ ዘይትጽገቦ ዓይነት መግቢ እንተኾይኑ፣ ኣብ ቀረባኻ ኣብ ዘሎ ፍሪጅ ክትዕቅቦ ኣይግባእን።

*** ትሕዝቶ መግቢ ምድሃብ**

ትሕዝቶ መግቢ ምድሃብ ብዝበዝሐ መግቢ ከይትወስድ ካብ ዝገብሩ መንገድታት ሓደ እዩ። መግቢ ኣብ ምውሳድ ልምድታትካ፣ ቁጠባ ክትገብር ምስ እትደሊ፣ ትሑት ካሎሪ ከምኡ'ውን ልዑል ጽሕጊ ዘለዎም መግቢታት ካብቶም ኣደህቦ ክትገብረሎም ዝግባእካ እዮም።

ቅድሚ ሰሪዕ መግቢ ምውሳድ፣ ትሑት ካሎሪን ልዑል ጽሕጊን ዘለዎም መግቢታት ምስ ማይ ሓዊስካ ምስታይ ጽጋብ ከም ዝስመዓካ ስለ ዝገብር፣ ብዝበዝሐ መግቢ ካብ ምውዳስ ክትቁጠብ ትኽእል። እዞም ዓይነት መግቢታት'ዚኦም 'ቮሊመትሪክስ' (volumetrics) ይብሃሉ። ፍረ-ወይኒ፣ ሳላጣ፣ ካውሎ፣ ጥረታትን ኮሚደረን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

*** ኣብ መትሓዚኡ እንከሎ ካብ ምምጋብ ምቑጣብ**

ጸብሒ ኣብ ድስቱ፣ ዝተቐልወ ድንሽ ኣብ ካርቶኑ፣ 'ኣይስ ክሬም' ኣብ መትሓዚኡ እንከሎ ምምጋብ፣ ዓቐን ናይቲ ትወስዶ ዘለኻ መግቢ ከተስተብህሎ ስለ ዘይትኽእል ልዕሊ ዓቐን ክትበልዕ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ክንድኡ፣ እታ ዓቐምካ ኣብ ብያቲ ጨሊፍካ ምስ እትወስድ፣ ኣብ ሓደ እዋን ናይ እትወስዶ ዘለኻ ዓቐን ካሎሪ ክትግምት ትኽእል።

*** ወጥሪ ኣወግድ**

ወጥሪ እንተደኣ ኣሎ ልዕሊ ንቡር ክትበልዕ ይገብር እዩ። ስለዚ ዘለካ ወጥሪ ምቕናስ ኣገዳሲ ምኳኑ ክተስተብህል ይግባእ።

ሕዱር ወጥሪ ዘለዎም ሰባት 'ኮርቲሶል' (cortisol) ዝተባህለ ሆርሞን ብዝበዝሐ የመንጭው። እዚ ሆርሞን'ዚ ሸውሃት ብምኽፋት ብዝበዝሐ መግቢ ክትወስድ ዝገብር እዩ።

ሕዱር ወጥሪ ዘለዎም ሰባት ብዝበዝሐ መግቢ ስለ ዝወስዱ ሙብዛሕትኦም ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብኦት እዮም ዘውንኑ።

መዚቃ ምስማዕ፣ ኣብ ልሙዕ መሬት ኴንካ ምዝንጋዕ፣ ምውስዋስ ኣካላት ምኪያድ፣ ናይ ኣተነፋፍሳ ቴክኒካት ምዝውታር . . . ወዘተ ገለ ካብቶም መዓልታዊ ዝስመዓና ወጥሪ ንምእላይ ዝሕግዙ ኣገባባት እዮም።

*** ኣብ ሰዓቱ ምምጋብ**

ገለ ሰባት ዘለዎም ክብደት ስጉኦት ንምቕናስ፣ ልሙድ ናይ መግቢ ሰዓታት ክሰግርዎ ይረኣዩ እዮም። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ገለ ሰባት ወጽኢት ክርከቦ ዝከኣል'ኳ እንተኾነ፣ ጸኒሕካ ብዙሕ መግቢ ክትወስድ ስለ ዝገብር ግና ተመሪጹ ኣይኮነን።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፣ ዘወሰድዎ መግቢ ንምንካይ ኣሎም ናይ ምሳሕ ሰዓታት ሰጊሮም ድራር ዝምገቡ ሰባት ካብቶም ኣብ ሰዓቱ ምሳሕ ዝወስዱ ሰባት ዝበዝሐ መግቢ ክወስዱ ተራእዮም።

* ፕሮቲን ምምጋብ

ፕሮቲን ምምጋብ፣ ምሉእ መዓልቲ ጽጋብ ስለ ዝስመዓካ ብዝበዝሐ መግቢ ከይትወስድ ይገብር።

ንኣብነት ኣብ ግዜ ቁርሲ ፕሮቲን ዘለዎ መግቢ ምውሳድ ይምከር እዩ። እዚ ቀልጢፉ ጥሜት ስለ ዘይስመዓካ፣ ጸኒሕካ ጠዓሞት ከይትወስድ ይገብር። ኣብ ግዜ ቁርሲ እንቋቕሖ ምምጋብ ዝበለጸ እዩ። እንቋቕሖ ትሑት ዓቐን 'ግረሊን' (ghrelin) ዝተባህለ ሆርሞን ኣለዎ። 'ግረሊን' ጥሜት ክስመዓና ዝገብር ሆርሞን እዩ።

* መጠን ሽኮር ኣብ ደም ምቁጽጻር

ጻዕዳ ባኒ (ፊኖ)፣ ከም ካረመለን ብሽኮትን ዝኣመሰሉ ሽኮራዊ፣ ኣብ ደምና ዘሎ መጠን ሽኮር ቀልጢፉ ደይቡ ከም ዝወርድ ዝገብሩ ዓይነት መግቢታት እዮም። እዚ ቀልጢፉ ዝኾነ ክበን ለጠቕን ምግል ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም፣ ቀቅልጢፉ ጥሜት ክስመዓና ዝገብር ብምዃኑ ብዝበዝሐ መግቢ ክንወስድ ይገብር።

ስለዚ፣ ጥረታት፣ ኣጃን ካልኦት ጽሕጊ ዘለዎም መግቢታት ዝበለጹ ኣማራጺታት እዮም።

*** ሃዲእካ ምምጋብ**

ቅልጡፍ-ቅልጡፍ ኢልካ ናይ ምምጋብ ልምዲ ዘለዎም ሰባት፣ ብዝበዝሐ መግቢ ክወስዱ ስለ ዝገብርዎም ንልዕሊ ንቡር ክብደት ዝተቓልዑ እዮም።

ልዕሊ ንቡር ምምጋብ ዘለዎ ጥዕናዊ ሳዕቤን

***ቃንዛ ምሕቃቕ መግቢ (Indigestion)፦** ልዕሊ ዓቐን መግቢ ወሲድካ ከም ዘለኻ ዝሕብረካ ሓደ፣ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ምስ እተርኢ እዩ። እዚ ቃንዛ'ዚ ኣብ መዓንጣ'ውን ይኸሰት እዩ። ሙብዛሕትኦም ልዕሊ ዓቐን ዝበልዑ ሰባት፣ መግቢ ኣብ ኣፎም ብዝግባእ ከሕቅቑ ስለ ዘይረኣዩ ንከስዐን መዓንጣን ተወሳኺ ስራሕ እዮም ዝፈጥሩ።

***ብዝበዝሐ ምንፋሕ (Excessive Gas)፦** ብተደጋጋሚ ተገስዕ እንተለኻ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ መግቢ ወሲድካ ከም ዘለኻ ዝርኢ እዩ። እናኻዕ ሓያሎ መግቢ ናብ ከስዐ ክተስቱኽ ከለኻ፣ ናብ ከስዐ ሓያሎ ንፋስ ክኣቱ ግድን እዩ። እቲ ኣየር ካብቲ ከስዐ ብሓይሊ ክወጽእ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ድማ ክትገስዕ ንግደድ።

*** ጸገም ምስትንፋስ (Bad Breath)፦** ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምስ እንወስድ መልሓስና ፋሕሻው ሕብሪ ክሕዝ ከም ዝርአ እዮም ሓኪይም ዝገልጹ። እዚ ብመንገዲ ሻሕለለ ልዑል ዓቕሉ መግቢ ብምሕላፉ ዝርአ ምልክት እዩ። እዚ ድማ ንናይ ስርዓተ-እስትንፋስ ኣካላትና ብኣሉታ ዝጸሉ ክስተት ብምዃኑ፣ ጸገም ናይ እስትንፋስ ክርኢ ግድን ይኸውን።

***ምስልካይ (Lethargy)፦** ብዙሕ ምስ እንበልዕ ክስልክየናን ድቃስ ክመጽኣና ኣስተብሂልና ኣለና ዶ? እዚ ዝበዝሐ ደምና ኣብ ክንዲ ናብ ሓንጎልናን ካልእ ክፋሊ ኣካላትናን ናብ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ጥራሕ ስለ ዘድህብ ዝኸሰት ተርእዮ እዩ። በዚ ድማ ክስልክየናን ድቃስ ክመጽኣና ንርኢ።

***ጸገም ቆርበት (Skin Problem)፦** እቲ መግቢ ትሕዝቶ ዘይብሉ ኮይኑ ብዙሕ ምስ ዝኸውን፣ ኣካላትና ንመርዝም ነገራትን ካልእ ኮሚካላትን ክብኩል ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ንቆርበት ስብሖትና ጸቡቕ ኣይኮነን።

***ሽኮር ኣብ ደም የወስኽ (Increased Blood Glucose)፦** ልዑል ትሕዞ ካርቦሃይድሬድስን ሽኮርን ዘለዎም መግቢታት ብዝበዝሐ ምውሳድ፣ ኣብ ደምና ዘሎ መጠን ሽኮር ከም ዘወስኽ ክኢላታት ይገልጹ። እዚ ድማ ንሕማም ሽኮር የቃልዓና።

***ዕንወት ኣብ ኣካላት (Organ Damage)፦** ካብቲ ክንበልዖ ዝግበኣና ዝያዳ መግቢ ስለ ዝወሰድና ገለ ካብ ኣካላት ሰብነትና ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ክዖዩ ክግደዱ ግድን እዩ። ንኣብነት - ጸላም ከብድና ነቲ ኣብ መግቢ ዘሎ ስብሒ ንምሕቃቕ ተወሳኺ መሕቀቒ ምራቕ ከተንዝዕ ክትግደድ ኢያ። ሓልሽ (pancreas)'ውን ንባዕላ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ንምምዕርራይ ብዝበዝሐ ኢንሱሊን ክተፍሪ ክትግደድ ኢያ። ኣካላትና ልዕሊ ዓቐን ክሰርሑን ክጽዓቑን እንከለዉ ድማ ጉድኣት ክወርዶም ግድን እዩ።

***ምኽሳዕ (Obesity)፦** ነቲ ዘሀለኻዮ ካሎሪ ከተህልኾ ክትዕብ ዘይክኣልካ፣ ልዑል መግቢ ናይ ምውሳድ ልምዲ እንተለካ፣ ብምኽሳዕ ክትጥቃዕ ግድን እዩ። ምኽሳዕ ድማ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ምዃኑ ዘይምዝንጋዕ።

***ቅዝን (Depression)፦** ልዕሊ ንቡር መግቢ ምብላዕ ንጥዕና ኣእምሮና ብኣሉታ እዩ ዝጸልዎ። ክኢላታት ስነ ኣእምሮ፣ ልዕሊ ንቡር ምብላዕ ከም ጠንቂ ቅዝኑት ገይሮም እዮም ዝገልጽዎ።

**ምንጪ፦** health is wealth




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን

<u>መበል 21 ክፋል</u>

*ኣብ ዓንቀጽ መበል 20 ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ብተጋደልቲ ተኸቢባ ዝሓደረት ከተማ ኣፍዓበት ንግሆ 19 መጋቢት ከቢ. ሰዓት 10:00 ከም ዝተሓረረትን ሰለስተ ሶቬታውያን ኣማኸርቲ ሰርዓት ደርግ ከም ዝተማረኹን፤ ጸላኢ ድማ ዝቃጸል ንብረት ኣቓጺሉ፤ ክንቀሳቐስ ዝኽእል ናይ ታንክታትን ቢኤም 21 ዝጸዓና ተሽከርከርትን ተማሊኡ ክሃድም ከም ዝጀመረ፤ ኣፍዓበት ኣብ ኢድ ህዝባዊ ግንባር ምውዳቓ ዘረጋግጽ ብወገን ማኑሓሊት ዝዋጋእ ዝበረ ጸላኢ ድማ ነቲ ካብታ ክንድ የማኑጸጋም ኣግሬሑ ክኸይዶ ዝጸንሐ መጥቃዕቲ ለውጢ ብምግባር ኑታ ጸርጊያ ንምኽፋት ከኣ ዓቕሙ ናብታ ክንድ ጥራይ ከም ዘቕንዖ፣ ማእረማእረ'ዚ እቲ ካብ ኣፍዓበት ዝሃደመ ዝሒፍ ዓቕሚ ሰብ ዝሓቘፈ ሰራዊት ጸላኢ ሰዓት 11፡00 ንቀልሃመት ሓሊፉ ናብ ቀጋይ ከም ዝተጸግዐ፤ እንክሊይ ሚካናይዝድ ዝኾነት ዝሒፍ ሓይሊ ጸላኢ ብኽልተ ሓይልታት ተጋደልቲ ንምዕጋቱ ክብደት ክህልዎ ከም ዝኸኣለ ምስ ተገምገመ ኸኣ፡ ተወሰኽቲ ክልተ ሓይልታት ናይ ብርጌድ 24 ናብ ቦጣሲ 1-45 ከም ዝተደረባ ኣዘንቲና ኔርና፡፡ መቐጸልታኡ እነሆ፦*

ሓይሊ ወዲ ስእለን መራሕን ናይ ብርጌድ 24 ኣብቲ ቦታ ቅድሚ ምብጽሐን እቲ ውግእ ድሮ ተወሊዑ ነበረ። ንጸላኢ ፍናን ብዘይህብ ኣገባብ፡ ተንቀሳቒሱ ዘዘመጽኦ ሓይሊ ጸላኢ ንድሕሪት ክጽግዕ ወዓለ። እንተኾነ፡ እቲ ኣብ መንኝ ቀጋይን ቀልሃመትን ብፍላይ ፈልቀጣይር ኣብ ዝበሃል ጉቦኣዊ ቅርጺ መሬት ተረግሪጉ ናብ ከረን ሰንጢቑ ንኽሓልፍ ዝወዓደብ ዝበረ ዓቕሚ ጸላኢ ጠርሹ ክበታተን ነይሩዎ። እተን ክልተ ሓይልታት ናይ ብርጌድ 24 እምበኣር፡ ምስ ቦጣሲ 1-45 ብምውህሃድ ነቲ ዘድብኑብን ዝበረ ሓደጋ ኣብ ምዝራግ ኣድማዒ ስራሕ ክፍጽማ ልዑል ትጸቢት ተኣብረለን። ድሕሪ መውጋእቲ ኣዛዚ ቀዳማይ ቦጣሲ ሃብተማርያም (ዕንድኩር)፡ ነቲ ዝወዓደብ ዝበረ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ምዕጋትን ምብታንን ዝቶደድ ውግእ ከመሃድ ሓላፍነት ዝተሰከመ፡ ኣዛዚ ቦጣሲ ኣጋር ከቢድ ብረት ጉብረ ተካ (ወዲ ተካ) ኮይኑ ናብቲ ቦታ ተላኣኸ።

ሓይሊ ወዲ ስእለ ንሓይሊ መራሕ ቀዳማ ኢጋ ምሸት ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሐት፡ ካብ ቀንዲ ጸርጊያ ኣላጊሳ ንጸላኢ ብኸድት ተጠውያ መጥቅዒ ቦታኣ ሓዘት። እቲ ንጸላኢ ናይ ምብትታኑ ፋሕፋሕ ከም ዝብል ናይ ምግባሩ ዝቐረበ ሓሳብ ክትግበር ተኽእሎ እንተነይሩ፡ ኣዛዚ ብርጌድ 45 ኣያም መሓመድ ከኣል ንመራሒ ሓይሊ ተስፋማርያም ስእለ ቀጥታ ብረድዮ መራኸቢ ተጠቒሙ፡ "እሞ ከመይ ገምጊምካዮ?" ክብል ተወከሶ። ወዲ ስእለ ብወገኑ፡ ነቲ ኣስታት 200 ዝኾውን ኣብ ቅድመኡ ዝረኣዮ ዝበረ ሰራዊት ጸላኢ ጥራይ ብምርኣዩ፡ ብቲ ናይ 100 ዓቕሚ ሰቡ ክብታትኖ ከም ዝኽእል ገሙቱ'ሞ፡ "የብለንን! ዝረኣተን ደኣ ከቶርጀን እኽልየ" ክብል መለሰ ሃቡ። ይኹን'ምበር፡ ንወዲ ስእለ ዝረኣዮ ዝበረ ሓይሊ ጸላኢ፡ ካብ ጠቕላላ ኣብቲ ቦታ ኮፍ ኢሉ ዝበረ ሓይሊ "ጭልፋ ካብ ባሕሪ" ተባሂሉ ክግለጽ ይኽእል። ከኣል ድማ በዚ ተሰማሚዑ፡ "በለን በል!" ክብል ትእዛዝ ሃቡ።

ሓይሊ ወዲ ስእሉ፡ ትእዛዝ ንምፍጻም፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ቅድሚኣ ኮፍ ኢሉ ዝበረ ሓይሊ ጸላኢ መጥቃዕቲ ብምኽፋት ንቕድሚት ተንቀሳቐሰት። ግን እዛ ስጉምቲ'ዚኣ ነቲ ኩነታት ክትፈትሖ ኣይከኣለትን። እኳ ድኣ ነቲ ኩነታት መሊሳ ጠናኒጋ ኣሰረቶ። እቲ ኣማራጺታት ስኢኑ ምስ ኩሉ ዓይነት ኣጽዋሩን ብዙሕ ሰቡን ኣብቲ ጸርጊያ ክሰኽሰኽ ዝወዓለ ብዙሕ ሰራዊት፡ ልክዕ ቀፎ ኡ ዝተሰብሮ ንህቢ ክመስል፡ ብሓደ ህሞት ተላዒሉ ንቕድሚት ተተኩሰ። እቲ ኣጋር ሰራዊት ከኣብ ዘለዎ ተበራቢሩ ንቕድሚት እናተኩሰ ክንቀሳቐስ ከሎ፡ ታንክታትን ወተሃደራዊ መካይንን ብወገኖ፡ ሞተረታተን ኣተንሲኣን ንቕድሚት ኣሽከርከራ። ገለ ካብተን ረሸራሽ ዝጸዓና ወተሃደራዊ መካይን ጸላኢ፡ ኣሃዱ በዓል ሻግራይ ብዘቐበረቶ ነተገቲ ክህረማ ክኢለን'ኳ እንተ ነበራ፡ ግን ንምንቅስቓስ ጸላኢ ከሰናኽላ ኣይከኣላን። ምኽንያቱ፡ እተን ታንክታት፡ ግዜ ከይወሰዳ ሻምብቆ ትሮተን ተጠቒመን ነተን ብሓታጉ ዝተወቕዓ መካይን ደደፊኣን ካብ ጸርጊያ ክኣልያኣን ክኢለን እየን።

እተን ጸላኢ ንምዕጋት ኣብ ማእከልን የማኑጸጋምን ጸርጊያን ዝተሰለፉ ሓይልታት፡ ኩሉ ካብኣተን ዝሕተት ንምፍጻም ተንቀሳቐሳ። ግን፡ ነቲ መቆጻጸሪ ዘይብሉ ብዙሕ ሰራዊት ጸላኢ ንምዕጋስ ጠያይተን ኣብ ዘብን ጸላኢ ስለ ዘሸሰኹሉ፡ ኣብ ሓጸር ደቓይቕ ተተኳሲ ወዲኣን ኩርማሕተርማሕ ዘድምጽ ጥርሑ ካዝናታት ሒዘን ተረፋ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ታንክታቱ ኣምሪሑ ንዘወደቐ ወጕ እናረገጸ ከም ማዕበል ንቕድሚት ዝፈሰሰ ወተሃደር ጸላኢ፡ ግዜ ዓይኒ ሕዝ ከተብል ምስ ጀመረት፡ ኣብ ጸርጊያ ኮይነን ክኸላኸላ ንዝጸንሓ ሓይልታት ቦጣሊኒ ሓደን ኣጋር ከቢድ ብረትን ረጋጊጹወን ናብ ግዝግዛን ማኑሓሊትን ገጹ ውሓዘ።

በዘን ካልኣን ምኽንያታት፡ ዕለት 19 ንኸፍለ ሰራዊት 52 ብዘይመጠን ገፊሖቶ ወዓለት። ብፍላይ ካብ ፋዱስ ንደሓር፡ እቲ ናብ ሓደ ኣንፈት ዝቐንዐ ኣብ ተቐራሪቡ ከበቢን ክፋደድ ዝጸንሐ ኩነተ-ውግእ፡ ሕጂ፡ ናብ ሰለስተ በይኑ ከበቢታት ሰፊሒን ዓመቝ። ብዘይኣ'ዝም ዝተገልጹ ግጥማት ናይ ማኑሓሊትን ፈልቀጣይርን እታ ንሕክምናውን ካልእን ኣገልግሎት ክትህብ ተተኣማምን ደጀን ተባሂላ ዝተመርጸት ሩባ ሁቖ'ውን ናብ ቦታ ዓውደ-ውግእ ተለወጠት። ክሳብ ሰዓት 13:00 ናይዚ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት፡ ኣብ ሩባ ሁቖ ጸምዋ ዓሲሉ'ዩ ጸኒሑ። ብዘይኣ'ተን ቀንጣሮ መደሃኒትን ስንቅን ተጋደልቲ ተጻዒነን ምስ ሰራዊት ተጻዒዘን ዝመጽኣ ሐደት ኣግማል ተጋደልቲ ኣብቲ ኣግራብ ተወር ዝበል ፍጡር ደረሰ ኣይነበረን። እቲ ብርቱዕ ወቕዒ ጹሓይ ግን ካብቲ ጠሊ ዘይነበሮ ክፋል ሑጻ ናይቲ ሩባ ኣንጸባሪቑ ኣብ ኣድማስ ዋርዋር ክብል ይረኣ።

ቅድም ኣብሉ ኣብ ሰዓታት ፋዱሱ፡ ካብ እዚ ክፍሊሰራዊት 52 እንሰ፡ ናብ መብጣሒቲ ኣሃዱን ስንቅን ክፍሊ ሰራዊት (ቦታ ሁቖ) ብረደዮ ዝተላእከት ሓጻር ሓብሬታ በጺሓ ነበረት። "ጸላኢ ካብ ኣፍዓበት ይሃድም ስለዘሎ ጥንቃቐ ግበሩ" ትብል መልእኽቲ እያ። በዚ ምኽንያት፡ ብፍላይ እተን ኣብቲ ቦታ ንሓለዋ ዝተመደባ ኣሃዱታት ማስርዕ ስሊዩ፡ ማስርዕ ሃንደሳ፡ ማስርዕ ኣጋር ከቢድ ብረት ኣብ ተጠንቀቕ ኮና።

እቶም ክፍልታት ዝተዓቐብላ ሰንጭሮ፡ ካብ ጎቦታት ኣግዋሮ መንጭያ ናብ ጉሓፊት ዝተባህለት ሩባ ኣብ እትጽንበር ሰንጭሮ ነበሩ። ሩባ ጉሓፊት ድማ ካብ ከበቢታት ወግሬታይ (ምብራቓዊ ገማግም ጅቕመራ) መንጭያ፡ ኣስታት ሓሙሽተ ኪሎሜተር ተጓዒዛ ንዓቢ ሩባ ሁቖ ብሸነኽ ምዕራቡ እያ ትጽንበር። ብቐንዱ ዓቢ ሩባ ሁቖ ድማ፡ ካብ ኣኽራን ኣፍሉቕ፡ ገርበትን ደብር ሐዋርን ዝመንጨው ሰናጭሮ ኣብ ሳዕላይ ሁቖ (ኣሲቃቕ) ጠርኒፉ፡ ካብቲ እቶም ክፍልታት ዝነበሩዎ ቦታ ብሸነኽ ምብራቕ ኣቢሉ ኣብ ደቡብ ኣፍዓበት ምስ በጽሐ ምስ ሩባ ዓውሊረይም ተራኺቡም ናብ ሩባ ላባ (ምብራቕ ኣፍዓበት) ይውሕዝ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ክፍሊ መብጣሒቲ ሕክምና ዝነበሩሉ ሰንጭሮ ኣብ ዘሎ ተረተር ኳንካ ነቲ መሓዝ ክትዕዘቦ ከለኻ፡ ክሳብ ከቢ. መራኸቢ ሩባታት ዓውሊረይም፡ -እግሪ ጎቦታት ደብር ገሊፍን ቅርዓብን- ሰጣሕ ሑጻኡ ቅልዕ ኢሉ ይረኣየካ።

ብመሰረት'ቲ ካብ እዚ ክፍሊ ሰራዊት ናብዘን ክፍልታት ዝተመሓላለፈ ናይ ተጠንቀቕ ሓብሬታ፡ ጸላኢ ተጓዒዙ ክመጽኣሉ ዝኽእል መንገዲ፡ በዚ ክፖለጽ ዝጸንሐ ኣንፈት ናይ ሰፈሕ ሩባ ሁቖ እዩ፡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ልክዕ ሰዓት 14፡00 ኣብ ልዕሊ'ቲ ውግኣት ዝተዓቝቡሉ ሰንጭሮ ዝርከብ ተረተር ኮይኖም ብዘቋመቱ ዝበሩ ተጋደልቲ፡ ኣብ ሩባ ሁቖ (እግሪ ጎቦ ደብር ገሊፍ) ምንቅስቓስ ሓሳኹ ዝመስል ናይ ደቂ ሰብ ዘበምታ ካብ ርሑቕ ተራእዮ። እቲ ምንቅስቓስ ብመልክዕ ተናጸልን ዝተጎዳጀለን ኮይኑ ኣንፈቱ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ነበረ።



ሩባ ሁቖ

ምስ'ቲ ኣቐዲሙ ዝመጽኣ መጠንቀቕታ ብምዝማድ ድማ፡ እቲ ምንቅስቓስ ናይ ወተሃደራት ጸላኢ ምኻኑ ምጥርጣር ዝበሃል ኣይነበረን።

ድሕሪኡ ዝሰዓበ ፍጻመ፡ እቶም ካብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዝተዋጽኡ ተጋደልቲ፡ ብሓደ ተወዲቦም ጸላኢ ናብ ውግኣት ከይኣቱ ምዕጋት፣ እንተ ተኻኢሉ ድማ ኢዱ ከም ዝህብ ገርካ ዕጥቁ ናይ ምርጋፍ ዕላማ ገይሮም ተንቀሳቐሱ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ርእሲ'ተን ዝበራ ክልተ መስርዕ ናይ ተዋጋኢ ክፍልታት ክፍሊ ሰራዊት፡ ካብ ኣባላት ሕክምና ሸሞንተ፣ ካብ ክፍሊ ስንቂ ሓሙሽተ፣ ምስ ሰሊያን ሃንደሳን ጠቕላላ 27 ዝኾኑ ተጋደልቲ ተወዲዶም ናብቲ ድንብያ ክፖለረሉ ዝተመርጸ ቦታ ተንቀሳቐሱ። ብሓፈሻ ኣብቲ ቦታ ዝበራ መራኸቢ ረድዮታት፡ ናይ ሕክምናን ስንቅን ክልተ ፒኣርሲ -77፣ ኣርዩፒ ዝዓይነታ ሓንቲ ካልእ ንእሽቶ ድማ ናይ ማስርዕ ስሊያ። ንሓንቲ ካብተን ክልተ ፒኣርሲ-77ን ነታ ኣርዩፒን ኣብቲ ድንብያ ዝቶደደሉ ቦታ ከም ዝሰለፉ ክፖበር ከሎ፡ እታ ናይ እንዳ ስንቂ ራድዮ ርክብ ግን ኣብቲ በሪኽን ቀዋሚ ቦታኣን ኮይና ነተን ናብቲ ድንብያ ዝወፈራ ብዓለ. ዝመጽኣ መምርሒታትን ክትከታተለን ከም ተዋሃሀደን ተገብረት።

ድንብያ ክፖለረሉ ዝተመርጸ ቦታ፡ ውግኣት ካብ ዝተዓቝቡሉ ሰንጭሮ ናይ ሓደ ኪሎሜተር ንቕድሚት ኣብ መላግቦ ሰንጭሮ ጉሓፊት ምስ ሩባ ሁቖ እዩ። ኣንፈት ድንብያ ተጋደልቲ ካብ ደቡብ ናብ ሰሜን ኮይኑ፡ ኣባላት ሕክምና ካብ ዓቢ ሩባ ሁቖ ብወገን ጺጋም፡ ኣባላት ስሊያ ኣብ ማእከል፡ ኣባላት ሃንደሳ ኸኣ ካብ ሩባ የማን ኣብቲ ኣግራብ ዓዳይ ተመሳሲሎም ተጸበዩ።

ጸላኢ፡ ገለ ብማእከል ሑጻ ካልእ ድማ ወሰንወሰን ናብ ቦታ ድንብያ እናቐረበ መጽኤ። ተኸሲ ብወገን ኣባላት ሰሊያ ክጅመር ነይሩዎ። እንተኾነ፡ እቶም የማን ሰጦር ሩባ እንትልፋፍ ንቕድሚት ሕልፍ ኣሎም ዝጸንዑ ዝበሩ ማስርዕ ሃንደሳ፡ ንኣባላት ስሊያ ብዓቕሊ ከይጸበዩዎም ሓደ ኣጺጋሚ ነገር ተፈጸመ። ተደጋጊፎም ዝዓጸቡ ውግኣት ተጋደልቲ፡ ንሓንቲ ካብ ምዕራብ መጺኣ ምስ ሩባ ሁቖ ትጽንበር ንእሽቶ ሰንጭሮ ተኸቲሎም ናብ ቦታ ድንብያ ክኣትው ተመልከቱ። እቶም ውግኣት ተጋደልቲ ኣብ ዕምቆት ሰንጭሮ ኣትዮም ይሳለዩ ስለ ዝበሩ፡ እቲ ኣብቲ ዓቢ ሩባ ዝግበር ዝበረ ምንቅስቓስ ፍጹም ይራኣዮም ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት፡ እቶም ተጻቒጦም ንምንቅስቓስ ናይ ክልተኡ ወገን ብደቒቕ ዝከታተሉ ዝበሩ ኣባላት ሃንደሳ እምበኣር ኣብ ወጣሪ ሓሳብ ወደቑ፡ ኣብ መውዓእታ ዝወሰዱዎ ውሳኔምበኣር፡ ኑዮም ከይተረድኦም ናብ ወተሃደራት ጸላኢ ዝኣትዉ ዝበሩ ተጋደልቲ ናይ ምድሓን ስጉምቲ ምውሳድ ነበረ። ብኡዮም ንምድሓን ክብሉ፡ ጸላኢ ከም ዝፖቡእ ኣብ መቕተሊ ቦታ ጌና ከይበጽሐ ከሎ ተኹሲ ከፈቱ።

በዚ ምኽንያት፡ እቲ ብወገን ስሊያ ክጅመር ዝተሓሰበ ተኹሲ ተረፉ ብወገን ሃንደሳ ተጀመረ'ሞ፡ ተኹሲ ኣብ ዝተወላዕሉ ግዜ፡ ብጥይት ዝተሃርመን ዘይተሃርመን ወተሃደር ጸላኢ ብምልኡ ኣብ መሬት በጥ በለ። ብዙሕ ናይቲ ቅድሚት ኣብ ቦታ ድንብያ ዝበጽሐ ሰራዊት ጸላኢ 250 ይበጽሕ። ሰራዊት ኣብቲ ሑጻ በጥ ምስ በለ ቀጠልያ ሕብሪ ሓዘ። እቶም ናብ ቦታ ሓደጋ ዝኣትዉ ዝበሩ ውግኣት ተጋደልቲ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ መሬት በጥ ኢሎም ነቲ ምዕባለ ክከታተሉዎ ጀመሩ።

እቲ ካብ ተጋደልቲ ክትከስ ዝጀመረ ዓይነት ጠበንጃ፡ ፈኩሰን ናይ ክላሽንን ጥራይ ነበረ። ሳሕቲ ከኣ ቦምባ ኢድ ይድርበ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብተን ዝተጠቕሳ ኣሃዱታት ክፍሊሰራዊት፡ ካብዚ ዝተጠቕሰ ፈኩስ ብረት ንላዕሊ ዝተዓጥቀ ነዊሕ ብረት ኣይነበረን። ብመጠን ብዙሕ ክረኣ ከሎ'ውን ብዘይካ'ቶም ኣባላት ሃንደሳን ስሊያን፡ ከፊል ካብቶም ተጋደልቲ ናይ ክፍልታት ኮሊይ -ብረት ዘይብሉ ዕጥቂ ቦምባ ዝጸጠቑ ብምንባርም ኣብቲ ድንብያ ዝበረ ሓይሊ ተኹሲ ወገን ተጋደልቲ ንጸላኢ ሃዳዲ ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት፡ ጸላኢ ነቲ ኩነታት ቀልጢፉ ዝገመቶ ይመስል። ወላ'ኳ ኣብ መጀመርታ ዝተሰናበደ እንተ መሰለ፡ ግን ዓቕሚ ተኹሲ ወገን መጠኑ ንኣስ ብምንባሩ ጸላኢ ቀልጢፉ ግብረ-መልሲ ክህብ ጀመረ።

**ይቕጽል**



*ሰንጭሮ ፈልቀጣይር (ማኝ ቀጋይን ቀልሃመትን)*

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ሕልምን ሓቅታት ፍቕርን ሓዳርን

ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝበዝሐ ግዜ መርዓ/ ሓዳር/ ብፍቕሪ'ዩ ዝፍጸም። ግን ከኣ እቲ ናብ ሓዳር ዘምርሕ ዓይነት ፍቕሪ ኩሉ ግዜ እቲ ስምዒታዊ (ፍቕራዊ) ሓይነይታ ዘለዎ ፍቕሪ'ዩ። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ፍቕሪ ሕጽኖት ምስ ተወድኣ ነቲ ዝጸንሐ ሕልሚ (fantasy) ንሕሰዮ ኣልቦ ክውንኑት ይውሕጦ። እቲ ንግዜኡ ኣገዚዩ ብሉጽን (ጥሉቕ) ውቁብን ዝመስል ዝበረ ዓፍራ ፍቕሪ ደማ ንእሽቶ (ሃሳስ) ምልክት ጥራይ ብምጉዳፍ ብድምጺ ኣልቦ ንትጉ ጠፊኡ ይተርፍ። ኣብ ካልኦት ባህልታት ግን መርዓ/ ሓዳር/ ብማሕበራዊ ርትዒ (ምኽንያት) እዩ ዝፍጸም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓዳር ፍቕሪ እንተሃልዩ ቀስ ኢሉ'ዩ ዝምዕበል። ምናልባት



ግን ስምዒታዊ ፍቕርን መርዓን ዘይቃደዉ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ስለዚ እቶም ሕልምታት ሳሕቲ'ዮም ንሐደት ዓመታት ክሰሩ ዝኽእሉ። ብሓፈሻኡ ስምዒታዊ ፍቕሪ ዘይሰትን ዘይጉዳእን ስምዒታዊ ጸወታ'ዩ ዝኾውን። ፍቕራዊ ህይወትና ኣብ ዙርያ'ዚ ኣርቲፊሻል ስምዒት ክንሃንጽ ክሳብ ዘይሃቀንና ጥራይ'ዩ ነባሪ ዝኾውን።

## ጥበብ ምብህሃል

ዓለም መድረኽ'ያ። ኣብ'ዚ ወህብ ኣሰራርዓ ከኣ እልቢ ዘይብሉ ኣቃውማ ሰባት ክህሉ ባህርያዊ'ዩ። ሰባት ብዝፈጠርዎ ማሰርዕ ኣካብራ፣ ምስ መንብሮኦም ዘሎምም ቅርበት ክውሰን ይኽእል። በዚ ዝፈጠርዎ ቅርበት'ውን ናይ ምብህሃል ዓቕሞም ክብርኽ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ'ዩ። ምብህሃል ዝፈጥሮ ሓይሊ ንኹሉ ክፉት ኣእምሮ ዝወሃ ሰብ ርዱእ'ዩ። ምብህሃል ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ጥበብ'ዩ። ደቂሰብ ካብ ዝተፈጠርናዮ ግዜ ጀሚርና ናይ ምብህሃል ዓቕምና ይጅምር። ዝርርብ ክንገልጾም ብዙሕ መንገዲ'ዩ ዘሎና። መጽናዕቲ ከም ብትኽ ክንፈትሖም እንተ ፈቲንና፣ ሳዕቤኑ ዝገደደ'ዩ ዝኸውን። እዚ ማለት ግን ዝርርብ ብትብዓት ክንገጥሞም የብልናን ማለት ኣይኮነን። ብሓፈሻኡ ዝርርብ ኣብ ኣተራራጉማና'ዩ ዓቕሚ ርድኢትና ዝዓዝዝ። ካብ ትሕቲ ኑብሱግምት ተበጊስና ምዒን ክንብል ግን ጉድኣቱ ይዓዝዝ። ጥዕናና'ውን ንቑልቁል'ዩ ዝወትፍ። እህ! ምባል ዝፈትሖ ነገር የለን። ዓቕሚ ምጽዋርና ምስ ዝጽንቀቕ ሰቕ ምባል ነታ ኣብ ልብና ዘላ ፍቕሪ ንኽተጉላዕልዕ ሓጊዚ'ዩ። ሎሚ ኣብ ዓለም እቲ ኣገዚዩ ኣጉዳሲ ዝበዝሐ ክእለት፡ ከመይ ገይርካ ምስ ሰባት ከምትዋሳእ ክትፈልጥ ሰቡት እንታይ ይብሉ ከም ዘለዉ ክትሰምዖም እንተ ዘይደሊኻ ሓሳብም ጌጋ'ዩ ከኣ ክትብል ግቡእ ኣይኮነን። ኣብ ዕላል ደረጃ ኣተሓሳስባ መተዓልልትኻ እንተ ዘይፈሊጥካ ክጽዮ ዘረባ ብጠኒስጢ ክትናታዕ ትኽእል ኢኻ፣ ንብሎ እንተ ፈሊጥና ኣብ ምብህሃል ልዑል ተራ'ዩ ዝጻወት። እንታይ ትብል ከይፈለጥካ ዘረባ ምስንዳው ምስ ጽሉል ክስርዓካ ይኽእል'ዩ።

ምስ ኩሉ ብማዕረ ተረዳዳእና ክንከይድ ክብድ ይብለና ይኸውን። እንተኾነ ሓብራዊ ኣረዳድኣ ከየማዕበልና ንሰባት ቅድም ንተዓዘቦም። "ብዙሕ ስማዕ ውሑድ ተዛረብ" ዝተባህለ'ውን ኣገዳሲ ዘረባ'ዩ። ኣብ ተፈጥሮ ኣካልና እንተ ርኢና'ውን ክልተ ኣእዛን፡ ሓንቲ መልሓስ'ዩ ዘሎና። እዚ ማለት ብዙሕ ክንሰምዕ ሓደት ከኣ ክንዛረብ ዝድርኽ'ዩ ክበሃል ይከኣል'ዩ። እዚ ማለት ግን ኣይትዛረብ ወይ ሰቕ ኢልካ ስምዕ ማለት ኣይኮነን። መተዓልልትኻ ብዝዕባ እንታይ ይዛረብ ከም ዘሎ ክትርዳእ ከም ዘለካ'ዩ ዘገንዝብ።



ዘጸሮ 7% ቡቲ ንብሎ፡ 38% ናይ ድምጽና ክቢታን ለጠቕታን ከም'ኡ'ውን ቅልጣፈ፣ እቲ 55% ከኣ ብኣካላዊ ቋንቋ (body language) ብእንገልጾ'ዩ ምብህሃላትና ዝጥምጥም። ገጽ ብፍላይ ከኣ ዓይኒ ገላጺት ኩሉ ናይ ምብህሃል ጥበብ'ያ። ንርክብትና ዓቕሚ ምብህሃል'ዩ ዝውሰኖ። ዝተጻወገ ገጽ ሐዙ ዝዛረብካ ሰብ ከመይ'ልካ ክትቀርቦ ትብህግ። ወላ'ውን ወሽጡ ርህሩህ፡ ሕልናኡ ፍርሃት ዘሎዎ፡ ኣብ ነገራት ኣረኣእይኡ ሰፊሕ እንተኾነ፡ ናብኡ ክትቀርብ ዘይጉብርካ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዝርርብ በጠዞመጸእዎ ብዘይጥበብ ትኽ ምኽኣል'ዩ። ምኽንያቱ ሎሚ ዝምድና እቲ ኣጉዳሲ ዓውዲ ስኑፍልጠት ህይወት'ዩ። ኣኣብ ዝተሳዕሉ ኣርእስታት ክትሰማማዕ ግድን ኣይኮነን። እምነትን ርድኢትን ሰባት በቢይኑ ክሳብ ዝኾነ ሓደ ጉዳይ ከትዓና ባህርያዊ'ዩ። ሓደ ጉዳይ ንሓደ ዘሰሕቕ ነቲ ካልእ ግን ዘብክዮ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንኹሉ ክትዓት መፍትሒ ግን ሓሳብካ ብኸመይ ከምትብሎ'ዩ ዝውሰን። ሎሚ እንታይ ትብል ዘይኮነ ከመይ ገይርካ ትብል'ዩ ኣገዳሲ። ዛዕባ ህይወት ኩይኑ ዘሎ። ንሰባት ንብሎ፡ ኣጸብራቕ ውሽጥና'ዩ። እሙን'ዩ ኢልና እንተ ሓሲብና ሰባት ዝብሉና ክንኣምን ንኽእል።



## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ኣብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ነገር ፍልጠት፡ እቲ ዝኸፍአ ከኣ ድንቁርና'ዩ።"- ሶቅራጥስ
- "ኣብ ዓለም፡ ሰባት ንዓወት ክትብጽሐ ክርእዩኻ እንክለዉ ዝውርወሩልካ ኣእማን ኣለዉ። እዚ ኣእማን እዚ ዝኽልክለካ መንደቕ ዲኻ ክትሰርሓሉ ወይስ ዘሰግረካ ድንድል ግን ንዓኻ ይምልከት።"- ደብራህ በየርን
- "ብርግጽ ጉዕዞ ህይወት ልክዕ ከም ፒያኖ'ያ ትምስል። እቶም ኣብታ ፒያኖ ዝርከቡ ጻዕዱ መፋትሕ ንዘህልወና ሓጎስን ተስፋን ይውክሉ፡ እቶም ጸለምቲ ከኣ ንሓዘንናን ስቅያትናን ይውክሉ። እንተኾነ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ክሳብ ዘለና እቶም ጸለምቲ መፋትሕ ናይታ ፒያኖ'ውን ጥዑም ደሃይ ዘለዎ መዚቃ ከም ዘቃልሑ ኣይንዘንግዖ።"- ዘይተፈልጠ
- "ኣብ ዓሚቝ ስንጭሮ ኣቲኻ ትፈልጥ እንተኾንካ እዩ፡ ኣብ ዝበረኸ እምባ ምቛም ማዕረ ክንደይ መሳጢ ምዃኑ ክርድኣካ ዝኽእል።" - ሪቻርድ ኒክሶን
- "ንብሰኻ መሰልካ ምኻድን ናይ ባዕልኻ ዕላማታት ምህላውን ምስ ሰብ ከይተሓወስካ ምኻድ ማለት ኣይኮነን።" - በላ ቶርን

## ምልክታት ዘፍቀረ ወዲ

ጓል ዘፍቀረ ወዲ፡ ብልሳኑ ብዙሕ ፍቕሪ ከይተዛረበ እንከሎ፡ ነታ ዘፍቀራ ሰብ ምስ ረኣየ ብዝገብሮም ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምዕዛብ ጥራይ ማዕረ ክንደይ ኣብ ፍቕሪ ወዲቑ ከም ዘሎ ክትፈልጦ ይከኣል። ውሽጥና ብፍቕሪ ሳጸዩ ልሳንና ሕተ ፍቕሪ ንምቕራብ እንተ ሓንገደ'ውን፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስና ንፍቕርና ክሓብኦ ዝኽእል ኣይኮነን። ሓደ ዝፈተወ ወዲ ንምንቅስቓስ እታ ዘፍቀራ ጎርዞ ብደቂቕ'ዩ ዝከታተሎ። ዘፍቀረ ወዲ፡ ዝፈተዋ ጓል ኣብ ከበባኡ እንተልያ ካልኦት ሰባት ንዘልዕልዎ ዕላል ዕሽሽ ኢሉ፡ ሓሳቡን ወናኡን ናብታ ዘፍቀራ'ዩ ዝሰድድ። ሓደ ኣብ ፍቕሪ ዝወደቐ ወዲ፡ መብጽዓ ንዘኣተዎ ካብ ምትግባር ድሕር ኣይብልን'ዩ። ክድውለልኪ'የ እንተኢሉ ይድውል፡ ክዘውረኪ'የ እንተኢሉ ደማ የዛውር። ብሓጺሩ ቃሉ ኣብ ምትግባር ንጡፍ'ዩ። ዝኣተዎ መብጽዓ ካብ ምትግባር እንተተሰናኺሉ ግና ኣየፍቀረን ወይ ደማ ካብታ ጓል ዝረኸቦ ግብረ መልሲ ኣየተባብዖን ማለት'ዩ።



ብሓፈሻ ሓደ ዘፍቀረ ወዲ ንዝፈተዋ ጓል ልክዕ ትኽ ትንፋስ ዓርኩ ዝሆ ክብሪ'ዩ ዝህብ። ዘፍቀረ ወዲ ኣብ መንጎ ኣዕሩኽቱ ንኣፍቃሪቱ ብኣድናቖት'ዩ ዘልዕላ። ፍቕሩ ከምዝተቐበለቶ እንተፈሊጡ ከኣ ከም መርኣያ ኣኽብሮቱ ምስ ዝፈትዎም ኣዕሩኽቱ የላልያ። ፍቓደኛ እንተኾይና'ውን ምስ ስድራቤቱ ከላልያ ይብህግ። ሓደ ወዲ ኣፍቂረኪ ንዝዘብኦ ጓል ካብ ዝፈትዎም ኣዕሩኽቱን ስድራቤቱን ከርሕቓ እንተደልዩ ፍቕሩ ቀጻልነት ከህልዎ ከም ዘይደሊ'ዩ ዘመልክት። ዘፍቀረ ወዲ ካብቲ ኣብ ልዕሊ ዘፍቀራ ጓል ዝገብሮ ምንቅስቓሱ፡ ምንቅስቓስ ሽፋሽፍቲ ዓይኒ'ዩ። ብዘውሳኺ ምስ ዝፈትዋ ኣፍቃሪቱ ዘሎ ኣፍቃሪ መርዓት ኣዒንቱ ይገፍሑ'የን። እዚ ተግባር ኣብ ዘፍቀረት ጓለንስተይቲ'ውን ዝርአ'ዩ። ኣብ ኣዒንቲ ዝርአዩ ምልክታት ክሕብኡ ስለ ዘይክእሉ፡ ሓደ ዘፍቀረ ወዲ ካብዘን ዝተጠቕሳ ምልክታት ሓንቲ እንተ ኣርእዩ ብርግጽ ኣብ ፍቕሪ ወዲቑ ኣሎ ክንብል ንኽእል።

## ፍሎረንስ ናይቲንጋይል

ፍሎረንስ ብ12 ግንቦት 1820 ኣብ ኢጣልያ፡ ከተማ ፍሎረንስ ተወሊዳ። ፍሎረንስ ዝብል ስም'ውን ካብ ቦታ ትውልዳ ዝተወሰደ'ዩ። ኣብ ንእሽ ዕድመኣ ሰባት ናይ ምሕጋዝ ወሽጣዊ ድሌት ዝነበራ ኾና ዕድመ ከይበሰለት'ያ ንሞያ ነርስ ዝተመጸወት። ካብ ኣቦኣ ልዑል ሓገዝ እናረኸበት ከኣ ትምህርታ ትከታተል ነይራ።

ኣብ ትምህርታ ብልጽቲ ከም ዝነበረትን ናይ ምንባብ ልምዲ ከም ዝነበራን ከኣ ይንገር። ቅድሚ ናብቲ ድሕሪ ዝተጸንበረቶ ሞያ ሕክምና ምእታዋ፡ ካብኣ ንዘንእሱ ተመሃሮ እናመሃረት'ያ ትምህርታ ትከታተል ዝነበረት። ፍሎረንስ ናይቲንጋይል ኣብ 1847 ኣብቲ እዋን ፍሉጥ ፖለቲከኛ ምስ ዝነበረ ሲድኒ ሄልበርት ሌላ ገበረት። ሲንዲ ሄልበርት ኣብ እዋናት ውግእ ከም ጸሓፊ ኮይኑ የገልግል ነበረ። ኩናት ክሪምያን ምስ ተባርዐ'ውን ከም ጸሓፊ ነበረ።

ናብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ዓለም ትበጽሕ ዝነበረት ፍሎረንስ፡ ኣብ ፈለማ 1850 ናብ ግሪኽ፡ ጸኒሓ ናብ ሰሜን ኣፍሪቃ በጺሐት። ኣብ ሃይማኖት ዝነበራ ናጻ ኣጠማምታ ወጽኢት ናይቲ ኣብቲ እዋን ክትውንኖ ቀሊል ዘይነበረ ለበራላዊ ኣረዳድኣ ወለዳ'ዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝነበራ ግዳስ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናበረኸ ከደ። ድሌታ ጥርዚ ምስ በጽሐ ከኣ፡ ኣብ ሓደ ሆስፒታል ብሞያ ነርስ እናሰርሐት ተመኩሮ ክትድልብ ወሰነት።

እዚ ከምዚ ዝበለ ዕዮ ብስድራቤታ ተቐባልነት ክረክብ ጸቢብ ተኽእሎ'ዩ ነይሩ። ክሳብ መፋርቕ 19 ክፍለዘመን፡ ሞያ ነርስ ልዑል ደረጃ ትምህርቲ እትውንን ንዝነበረት ጓል ኣንስተይቲ ዝምረጽ ኣይነበረን። እዚም ስድራ'ውን ወላ'ኳ ካብቲ ሕብረተሰብ ፍልይ ዝበለ ኣተሓሳስባ እንተ ነበሮም ኣብዚ



ጉዳይ ግን ክሰማምዑ ኣይከኣሉን - ብፍላይ ወላዲታ። ኣብ መወዳእታ ግን ክትበጽሖ ዝበበራ ሕልሚ ዝፈለጡ እንክሳስሉ ሕጂ'ውን ኣፍቀዱላ።

ኣብ ፈለማ 1850 ከኣ ኣብ ኣሌክሳንድርያ ግብጺ ቅዱስ ቪንሰንት ደ ፓወል ብዝብል መጸውዒ ኣብ ዝፍለጥ ሆስፒታል ስራሕ ጀመረት። ንሰለስተ ዓመታት ኣብ ነዝበይኑ ሆስፒታላት ብትግሃት ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 1853 ንለንደን ተመሊሳ 'ንደቀኣንስትዮ ኣብ እዋን ሕማም' ዝብል ትካል ኣብ ምምሕዳር ከም ኣላዪት ኮይና ሰርሐት። መጋቢት 1854 ዓባይ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ቱርኪን ብሓባር ኣብ ልዕሊ ሩስያ ኩናት ዝኣወጃሉ ዓመት'ዩ ነይሩ። ንፍሎረንስ ከኣ፡ ሞያኣ እተንጸባርቐሉ ኣጋጣሚ ነበረ። ወላ'ኳ ሩሲያውያን ኣብ ኩናት ፈለግ ኣልማ ተሳዒሮም እንተነበሩ፡ ብወገን ብሪጣንያ ዝነበረ ኣተሓሕዛ ውጉኣትን ዘይብቑዕ መሳርሒ ሕክምናን ግና ተቓፊሩ'ዩ። ከም ግብረመልሲ ናይዚ፡ ፍሎረንስ ካብ ብሪጣንያዊ በዓል ስልጣን ናይቲ ኩናት ሲድኒ ሀርበርት ጸውዒት ረኸበት። ተልእኾኣ፡ ካልኦት ነርሳት መሪሓ ኣብቲ ዝነቀፈ ዝነበረ ወተሃደራውያን ሆስፒታላት ብምኻድ ማሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ነበረ። እቲ ፍሎረንስ ዝረኸበቶ ዕድል ዲፕሎማስያዊ ሓይላ ዝፈጠሮ እቲ ሽግር ዘይከወል ምስ ኮነ ግና፡ ፍሎረንስ ኣመሓዳሪት ደቀንስትዮ ነርሳት ኣብ ሆስፒታላት ብሪጣንያ ኣብ ቱርኪ ኮይና ብወግዒ ተመዘዘት። 38 ነርሳት መሪሓ ድማ፡ ኣብ ሕዳር 1854 ናብ ስታሪ (ቱርኪ) ኣተወት። ምሕር ተጉዳእቲ፡ ተወጋእቲ ጽግዓታን ሽግርን ተምበርካኺትን ኣሕሊፉ ዝሁብ ኣይነበረን። ደኺመ ከይበለት ንሰርሓ ብሰሩዕ ትጽዩ ነበረት። ኣብኡ ዘርኣየቶ ትብዓት፡ ሓልዮት፡ ናይ ምውሳን ክእለትን ዝኸፈሉቶ ማሳወኣቲን ልዑል ነበረ። ፍሎረንስ ናይቲንጋይል ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ለውጢ ንምምጻእ ትጽዕት ነበረት። ወትሩ ከም ጓል ኣንስተይቲ ሰባዮ ከይበለት'ያ ትጽዩ ነይራ። ብዙሕ ኣተኣላልያ ውጉኣት ዝምልከት ድማ፡ ምስቶም ኣብ ፈለማ ትሕቲ ግምት ዝኣብዋ ወተሃደራውያን ሰበ ስልጣን ብቐጻሊ ትካታዕ ከም ዝነበረት ይፍለጥ። መቐረት ህይወት ካብ ወሽጢ ብዘምንጪ ባህታ'ምበር፡ ብዋኒን ገዛእ ከተስተማቕሮ ከም ዘይክኣል ክትምህር ንዊሕ ዓመታት ዝጸዓረት ፍሎረንስ፡ ኣብ መበል 90 ዓመታ ኣብ ከተማ ለንደን ካብ ዓለም ብሞት ተፈልየት።

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

## ከም ብ'ዋዛ

# 'መጽሓፍ' ከም እንታይ . . .?

ኣብ'ዚ ሎሚ'ኳ - ይትረፍ ሓንቲ ክዳን ኣብ ምዝውዋር ክትጥቀመሉ፡ ልክዕ ከም'ታ ናትካ ክዳን ዝተኸደኑ ብዙሓት ሰባት ኣብ ጎደና እንተ ርኢኻ'ውን ዋላ ሓዳሽ ትኹን ካልኣይ ኣይትምስሳን ኢኻ ነታ ክዳንካ፡ ብኣኣ ኣቢልካ ትሓድጋ።

ቀደም ግን፡ ጓልን ወድን ቈጸራ እንተለካ፡ ናይ ግድንት ዘንጥ-ንጥ ኢልካ ክትከይድ ኣለካ፡ በዚ ምኽንያት፡ ኣዋልድ ካብ መሓዙተን ኣውዳት ድማ ካብ የዕርኹቶም እታ ጽብቕቲ ዝበልዋ ክዳን ናይ ምትእፍታር ልምዲ ነይሩ።


ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ በቲ ዝተገልጸ ምኽንያት ሓደ ወዲ ንሓደ ብጻዩ ከመይ ዝበለት ጃኬት የአፍቲርዎስ - መለሱ ድማ፡ "ናብ ቦታ ቈጸራ ከካይደካ" ኢሉ ምስኡ ተበገሰ። ሸው ኣብ መንገዲ ነንዘረኽቦም ፈለጥቱ፡

"እዚ ዓርከይ እዩ። እዛ ተኸዲንዋ ዘሎ ጃኬት ድማ ናተይ ኢያ።" ካልእ ሰብ ይረክቡ፡ "እዚ ዓርከይ እዩ። እዛ ተኸዲንዋ ዘሎ ጃኬት ድማ ናተይ ኢያ. . ." እናበለ፡ ነቲ ዓርኩ ከም ማስቀሊ እታ ጃኬት ተጠቒሙ፡ ካብ ነቲ ዓርኩ ዝያዳ ነታ ጃኬቱ ከላልያ ወዓለ። ኣብ መንገ ግን፡ ሓደ ለባም ሰብ ተረኽበ። ነቲ ዋና ጃኬት ካብ'ቲ ወዲ ፍልይ ኣቢሉ ኣብ እዝኑ፡ "... እዛ ጃኬት ናተይ'ያ፣ እዛ ጃኬት ናተይ'ያ!" ምባል፡ ዝኢ ብጻይካ ጸቕጢ ክትገብረሉ ስለ ትኽእል'ሲ፡ "እዛ ጃኬት ናተይ'ያ!" ምባል ግደፋ ኢልዎ።

ይጸንሐን ንእሽተይ ምስ ከዱ፡ ሓደ ፈላጢኡ ረኸቡ እቲ ዋና ጃኬት። ሻቡ፡ "እዚ ዓርከይ እዩ!" ኢሉ ናብታ፡ "እዛ ተኸዲንዋ ዘሎ ጃኬት ድማ ናተይ ኢያ" እትብል ዘረባ ክሓልፍ ሓሰበ እሞ፡ ነታ ምኽሪ ናይ'ቲ ዓርኩ ዝክር ኣቦሉ፡ "እዚ ዓርከይ እዩ። ብዛዕባ እዛ ተኸዲንዋ ዘሎ ጃኬት ግን፡ እንተ ዘይተዛረብና ይሓይሽ!" ብምባል፡ ኣዘራርባ ቅይር ኣቢሉ ንጃኬት ምልላይ ቀጸለ።

ብዘሎ፡ ውርጽጽ ዝበለ መልእኽቲ እኳ እንተ ዘይሃለወት፡ ግን ከኣ መዕለሊ ክኾነና፡ ኣብ ናተይ ውልቃዊ ኣረዳድኣ ኣድሂበ፡ "እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንኸም'ዚ ኢያ። እታ መጽሓፍ እቲኣ ድማ ንኸምቲ'ያ።" ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ከዕልል ስለ ዝደለኹ እየ ነዛ ዕላል ኣምጺኤያ።

ሎሚ ቅነ'ዩ፣ ደሓን ይእቶ ሓደ ካብ ደገ ዝመጽአ ዓርከይ ከዘናግዓኒ መደብ ነይሩናስ፡ ሰዓት 5:00 ናይ ምሸት ናብቲ ቦታ ምዝንጋዕ ኣትየ። ሓቂ ትሓይሽ ምዝንጋዕ ጥራይ ደኣሉ እምበር፡ ጽቡቕ ትዝንግዕ ኣምሲና። ካብታ ንኣስታት




ሰለስተ ሰዓታት ዝተዘናጋዕናላ ገዛ ክንወጽእ እንከለና፡ ተቐዳዲመ ናብቶን ኣብ ፊት እቲ ገዛ ደው ኢለን ዝነበራ ሸግለታታት ቁሊሕ ኢለ። ሸግለታይ ከለሊ ኣይከኣልኩን። ኩንታል ወርቂ ዘጥፍኦኩ ክመስል ልበይ ምሉቕ ኢሉ፡ ከም ብሓድሽ ንኹለን እተን ሸግለታታት ኣትኩረ ጠሚተየን። ለካ ንክዘናጋዕ ተሃዊኽ ስለ ዝበርኩ፡ ኣብ ዘንበል ሸግለታይ መጽሓፍ ኣቐሚጠ ምንባረይ ረሲዐዮ - እታ ሸግለታይ መጽሓፍ ስለዝበራ ናተይ ኣይመሰለትንን እምበር፡ እታ ሸግለታይ ኣብ'ታ ዝሓደግኩዋ ከም'ታ ዝሓደግኩዋ ነተን መጽሓፍቲ ተጻዊና ነይራ።

ቀረብ እንተረኣኹ፡ እተን መጽሓፍቲ ልክዕ ከም'ታ ዝገደፍኩወን ጸኒሐናኒ። ካብይ ዘምጻእኩዎ ደኣ'ምበር - ይትረፍ እተን መጽሓፍቲ፡ ኣብ ውሽጢ'ተን መጽሓፍቲ ወርቂ ገዲፈ ኣትየ ነይረ እንተ ዝኸውን እውን፡ ኣብኡ ምጸንሓኒ ነይሩ ማለት'ዩ። ናብ መጽሓፍ ዘድሃበ ጠንቀምቀም ናይ ምባል ልምዲ ስለ ዘየለ ወይ ካልእ ምኽንያት ኣለዎ ግን ኣይፈለጥኩን።

ንጸባሒቱ ንሓደ ዓርከይ፡ ብምኽንያት እቲ ከይጠፍአ ዝጸንሓኒ መጽሓፍተይ ንኑብሰይ ከም ዕድለኛ ቈጺረ ምስ ኣዕለልኩዎ፡ "ካብ ምጥፋእ መጽሓፍትኻ ንላዕሊ፡ እቲ ምጥፋእ ናይ'ቲ መጽሓፍ ክወስድ ዘይክእለ ሰብ ኢዩ ዝያዳ ክገድሰካን ዝያዳ ክተሓሳሰበካን ነይርዎ" ኢሉኒ።

ሓቂ ምዝራብ እንዶ ኣይሓይሸን። ኣነ ብወገነይ፡ "መጽሓፍ እንተርእየ፡ ካብ ወሰዶ ገንጺሎ፡ ተጠቒመሉ ኣንበቦ" ዝመጽኣኒ፡ ዝያዳ ናይ ልበይ ዕግርግር፡ ናይ ኣዒንተይ ጽልግልግ፡ ናይ ርእሰይ ጽርውርው፡ ናይ ዓቕለይ ጽብብብ ይመጽኣኒ።" ዝበሉ ሰባት ሰሚዐ እፈልጥ እየ። እዚ ድማ መጽሓፍ ከም ምኽንያት ትምህርትን ርእሱምዕባለን ዘይርኣሰ፡ 'መጽሓፍ ከም ምኽንያት ጭንቀትን ዓቕሊ ጸበትን ኮይኑ ኣሎ' ማለት'ዩ - ኑቶም ከምኡ ክብሉ ዝሰማዕኩዎም ሰባት።

ምስ ሞያኻ ዝኸይድ መጽሓፍቲ ተንብብ፣ ግን ከኣ ነቲ ሞያዊ ዕቤት ከተማዕብለሉ ተባሂሉ ዝተጻሕፈ ቁም-ነገር ዕሸሽ ኢልካ፡ ብውልቃዊ ስምዒትካ ተደሪኽካ ጥራይ፡ ነቲ ስራሕ ተኻይዶ እንተኾይንካ፡ መጽሓፍ ከም መሸፈጢ ይኸውን ኣሎ።

ኣነ ብወገነይ ንምቕጻሩ ዘጸግም፡ ኣዝዩ ብዙሕ መጽሓፍቲ ዘንበቡ ሰባት እፈልጥ። እንተኾነ ግን ሎሚ ንስኡ-ጥበበኛታትን ስራሓቶምን ዝምልከት መጽሓፍ ከንበቡ እንተ ቐጽዮም፡ ሓደ ስጡባበኛ ዘዘውትሮም ኣገባብ ኣከዳደናታት፡ ኣቀማቕማ፡ ብዛዕባ ቁጠባ ከንበቡ እንተ ቐጽዮም፡ ገንዘብ ምኽፋል ዘይጠልብ ድሩት ኣካይዳ፣ ኣብ ጭኣሰን ዕግርግርን ዘድሃበ መጽሓፍ ከንበቡ እንተ ቐጽዮም፡ ብዘጠቕምን ዘይጠቕምን እናተባኣስካ ሰብ ክትሃርም ምድላይ፣ ብዛዕባ ስእሊ ከንበቡ እንተ ቐጽዮም፡ ክእለትን ተውህቦን ብዘየገድስ፡ ሰኣላይ ንምኻን ዘድልዩ መሳርሒታት ዘድልይዎ ኣብ ምድላይ፡ ጋለሪታት ኣብ ምዝርን ብዛዕባኡ ኣብ ምዝራብን ይቐንዩ። ስለ'ዚ ብመለክዒ እዚኣቶም፡ መጽሓፍ - 'ናተይ እትብሎ ሰብኣና ከየጥረኻ፡ ሰብኣናኻ ከም ካምቻ እናቐያየርካ ክትነብር ዝደፋፍእ ዕሙት ድርኺት።'

ብጥርዙ ዝሓዝኮዮ ጽቡቕ መጽሓፍ፡ ኣብ ሰለፍካ እናሃረምካ ትገዓዝ ክንሰኻ፡ ነቲ መጽሓፍ ኣብ ትርፊ ግዜኻ ኣብቲ ኮፍ ዝበልካዮ ቦታ ኮይንካ ዘይተንብቦ እንተኾይንካ፡ 'መጽሓፍ፡ ከም መፈስሒ'፣ 'ካብ ምስ ሰባት ምዕላል ይሓይሽ እምበር፡ ንፍልጠትን ቁም-ነገር ንምርኻብን ኢልካ' ዘይተንብቦ መጽሓፍ፡ 'መጽሓፍ ከም መሕብኢ ካብ ሰባት. . .።

ኣብ ጽሑፋትካ፡ ኣብ ዕላላትካ፡ ወይ ኣብ መደረታትካ፡ "ጉበረስላሰ ኣብ መጽሓፉ ከም ዝበሎ" ሃብተሰላሰ ከኣ "ኣብ'ታ፡ ከምዚ እትብል መጽሓፉ ከም ዝደገሞ. . ." እናበልካ ንኽተዕልሉ ጥራይ ተንብቦ መጽሓፍ፡ መጽሓፍ ከም ቀመም ናይ ጽሑፍ፡ መደረ ወይ ታራ ዘረባ እዩ።


ንባዕልኻ ኣማኢት ኪሎ-ሜተራት ካብቲ መጽሓፍ ርሒቕካ እናሃለኻ፡ ነቲ ቁሩብ - እሞ ድማ ኮነ ኢሉ ዘይኮነስ ብጌጋ ዝተጋጸየ ሰብ፡ "እቲ መጽሓፍ እንታይ ደዩ ዝበል!? እቲ መጽሓፍ ከምኡ ከም ዘይብል እናፈለጥካስ እዚ ከም'ዚ ገይርካዮ? ነቲ ድማ ከም'ቲ ደጊምካዮ!? ጽናሕ በል ክንረኣኣ ኢና!" እናበልካ ተገባዕባዕሉ እንተ ኾይንካ፡ 'መጽሓፍ ከም እሙን ብጻይ ኣብ ምብስባስ፡ ምፍራርሕን ምጉብዕባዕን ገርሆኛታት' ወዘተረፈ።

ከም ውልቃዊ ትዕዝብተይ፡ ንብዙሕ ሰባት ኣብ ቅሉዕ ቦታ ኮይንካ ሻሂ ክትሰቲ እንክለኻ፡ ናብ የማን ጸጋም ሳዕሊ ታሕቲ ናይ'ቲ ጎደና ቁሊሕሊሕ እናበልካ፡ "እዚ ከምዚ እዩ፣ እቲኣ ድማ ከምዝን ከምትን ነይራ፡ ዱሓር ናብ ከም'ቲ ተቐይሩ፣ ሕጂ ድማ ከም'ዚ ኣላ. . ." እናበልና ምዕላል እምበር፡ ኣብኡ ኮይንካ መጽሓፍቲ ናይ ምንባብ ባህሪ ይኹን ባህሊ የብልናን።

ምናልባት እቶም ክቱር መጽሓፍ ናይ ምንባብ ልምዲ ዘለዎም ሓደ-ሓደ ሰባት፡ ኣብቲ ናትና ናይ ቁሊሕሊሕ ቦታ ኮይናም እንተ ዘንበቡ ግን፡ ንኹሉ ብዓይኒ ምንባብ እናረኣዩ፡ ዋላ ንክንታት ኣየር፡ ንፋሳት፡ ንምንቅስቓስ ናይ ሰባት ይኹን ንምንቅስቓስ ናይ ነገራት ብዕምቆት ምተገንዘቡዎ።

ሸው እዚ፡ "መጀመርታ ከምዝን ከምዝን ነይሩ፣ ሕጂ ኣብ ከምዚ በጺሑ፡ ወይ ናብ ከም'ዚ ተቐይሩ፣ ጽባሕ ድማ ናብ ከምዝን ከምትን ከምርሕ ይኽእል እዩ" እናበሉ ንኹሉ'ቲ ናይ ጎደና ትርኢት፡ ንመዝነበ፡ ወይ መፍለጢ ኣመታትን መመንጨዊ መፍትሒታትን ኣብ ምግባሩ ምሰርሑ ነይሮም።

እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት፡ መጽሓፍ ንኹነታት ይኹን ንንፋሳት፡ ንኹሉ ብዓይኒ ንባብ እናጠመትካ ኩተንብቦ፡ ክትርደኦ፡ ኣብ ምፍታሕ




ሕማቕ ሳዕቤናቱ ክትሳተፍ፡ ካብቲ ሓደገኛነቱ ክትከላኸል፡ ናብ ጽቡቕ ክትመልሶ ከይጸደፈ እንክሎ ክትኣልዮ ናብ ዘኽእል መሳርሒ. ቀይሮም ስለ ዝጥቀምሉ፡ 'መጽሓፍ ከም መፍለጥን መእለይን ጸገማት' ኮይኑ ኣሎ።

ሕሰብ ኩብሎ እንከለኹ፡ ዋላ ኣብ ገዛና ብዙሕ ንመጽሓፍ ቁሊሕ ዝበሎ የለን። ኣነ ንባዕለይ ሓደ-ሓደ ግዜ ንመጽሓፍ፡ "ከም መሕብኢ ገንዘብዶ?" ደኣ ከይትብሉ እምበር፡ ከም መቐመጢ ገንዘብ እጥቀመሉ እንደየ፡ ገንዘብ ክሰእን እንከለኹ እየ ዝያዳ ናብቲ ኩብሒ ናይ መጽሓፍቲ ቁሊሕሊሕ ዝብል። ከም ገለ ኢለ ኣቐሚጠዮ ዝነበርኩ'ሞ፡ ከም ዘቐመጥኩዎ ረሲዐዮ ዝነበርኩ ገንዘብ፡ ነቲ መጽሓፍቲ ምስ ረኣኹ፡ "ኣሃ! ኣብቲኣ መጽሓፍ እቲኣ'ባ ገንዘብ ኣቐሚጠ ነይረ!" ኢለ ዝዝክሮ ገንዘብ እንተ ረኺበ ካብ ዝብል፡ ገንዘብ ናይ ዝጠፈኡ ኣረዳድኣ።

ስለ'ዚ ንመጽሓፍቲ ካብ ንመንበብ፡ ዝያዳ ንመቐመጢ ወይ ንመሕብኢ ገንዘብ ንጥቀመሉ ሰባት ኣለና። ንኣብነት. . . ኣነ።

ይዝከረኒ ቀደም፡ ሓደሽቲ መምህራን እንከለና፡ ኣኣብ ክልተ ሰሙን እንዲና ናብ ኣስመራ ንመጽእ ነይርና - ኣብ ኣስመራ ቀኒና ናብቲ ዝተመደብናሉ ዓድታት ክንምለስ እንከለና፡ ኣብ ከበቢ ከረን ሆተል ካብ ዘሎ ኪዮስኪ መጽሓፍ ንገዝእ። ወዮ ደኣ ልምዲ ንባብ ከሐድር ጠቒሙና ይኸውን ኢዩ እምበር፡ ሓቂ ትሓይሽ እቲ መጽሓፍ ኣገዲሱና ኣይኮነናን ንገዝኦ ዝነበርና። እንታይ ደኣ፡ እታ ብዓሰርተ ሓሙሽተ ናቕፋ ንሰሙን እንገዝኣ መጽሓፍ፡ ሚእቲ ናቕፋ እንደዩ ትሕጃ ዝተሓዘ - ድሕሪ ክልተ ሰሙን ንዕረፍቲ ምስ ተመለስና፡ ምስ ምምላስ እታ ተኻሪናያ ዝቐኸና መጽሓፍ፡ ዝተመለሰልና ሚእቲ ናቕፋ ገይርና፡ ቀዳመ ሰንበትና ንኸሕልፍ። እዚ ድማ ካልእ ጥቡቕ መጽሓፍ ከም መንዝበጥ፡ መጽሓፍ ከም መቐጠቢ ሰልድን።

ነቲ እቶም ዘንበብዮም መጽሓፍቲ ዝመሃሩኻ ጭዋ ኣካይዳ እናፈለጥካ ከም ዘይፈለጥካ፡ እናተረዳእካ ከም ዘይተረዳእካ ትኸይድ እንተ ኮይንካ እውን "መጽሓፍ፡ እቲ ክኸውን ዘለዎ እናፈለጥካ፡ ግን ከኣ ኑቶም ዘይፈልጥዎ ሰባት ንዓኡ ዝይምፍላጦም መዘምሚዝካ ትውጽኦም እንተ ኾይንካ'ኸ፡ 'መጽሓፍ ከም መጽፍዒ ወይ ከም መወጽዒ!" ክትብሎ ዝከኣል እመስለኒ።

ምናልባት፡ ኣብ ምጽሓፍ መጽሓፍቲ ደዩ ኣብ ምፍራይን ምዝርጋሕን መጽሓፍቲ ክትዋሳእ ዕድል ረኺብካ፡ ዋጋ መጽሓፍ፡ ክብሪ ፍርያት መጽሓፍ ወይ ካልእ ምስ'ዚ ብዝተሓሓዘ ምኽንያት ዋጋ መጽሓፍ ሰማይ ከም ዝሰቀል ብምግባር፡ ሰባት ናብ መጽሓፍቲ ቁሊሕ ከም ዘይብሉ እንተ ገይርካ፡ 'መጽሓፍ ከም መደንቀርን መግትኢ ንቕሓትን ኮይኑ የገልግል ኣሎ ማለት እዩ።

ሓደ ንግዜኡ ስሙ ዝረሳዕኩዎ ንፉዕ ጸሓፊ፡ ሓደ ግዜ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ኣብ ሕጽኖቶም ክበጽሖም ንዝኸደ መርዓውቲ፡ ከም ህያብ ኣብ ውሽጡ ገንዘብ ኣእትዩ መጽሓፍ ከም ዝሃቦም እሞ፡ ኣብ ዓመቶም ክበጽሖም ምስ ከደ፡ እታ መጽሓፍ ገንጺሉ ምስ ረኣያ፡ እታ ሰልዲ ኣብኣ ከም ዘጸንሓቶ ጽሒፉ ነይሩ። እዚ ድማ - 'መርዓውቲ መጽሓፍቲ የንብቡዶ? ዋላስ ለይትን ቀትርን ትም ኢሎም ኣብ'ታ ጉዳይ ሕጽኖቶም ኣድሂቦም ጥራሕ እዮም ዝኸርሙን ዝሓግዩን' ንምፍላጥ ከም እትጥቀመሉ፡ ናይ መጽናዕቲ መሳርሒ ይኸውን ኣሎ። . . . ወይ ከምኡ ዝኣመሰለ ካልእ ነገራት።

**ሎሚ ኣብ ERI-TV**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ሩሲያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ (ቀጥታ) |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | ሞዛይክ 1 |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2 |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሌብ ደሓን (ቀጥታ) |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም በርሀ በዓል ርስቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስፖርቲ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲ. ኣቶ ሚርን ኪዳ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኩ ያሲን ኑርሑሴን፡ ሃና ያሲን ኑርሑሴን +11፡ 1. ሃና ያሲን ኑርሑሴ 2.መሓመድ ያሲን ኑርሑሰን 3. ቢላል ያሲን ኑርሑሴን 4.ብድሆ ያሲን ኑርሑሴን 5.ሶሚ ያሲን ኑርሑሴን 6. መርየም ያሲን ኑርሑሴን 7. ሰዓድ ያሲን ኑርሑሴን 8. ሱሄር ያሲን ኑርሑሴን 9. ፊርዶስ ያሲን ኑርሑሴን 10. መና ያሲን ኑርሑሴን 11.ራፋ ያሲን ኑርሑሴን 12. ሓሰን ኣሰይድ ዓሊ. ሓሰን ዘሎ ሲቪላዊ ናይ ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪበልኩም ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን17/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1 መጋባኢያ ቁ.4 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ናትናኤል ሳንድያው ክሻ ምባል ተሪፉ፡ ኢብራሂም ክሻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ህንጻ ኣማኒኤል ሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ኣቤል ኣማኒኤል ሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ቁ.37 ይቕረብ።

ኣፍራሕ ዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ወረ/ኩ የውሃንስ የማነ 1.ፍረወይኒ የውሃንስ 2.ዩዲት የውሃንስ 3.ክብርኣብ የውሃንስ 4. ወረ/ኩ ብርሃ የማነ፡ ቢንያም ብርሃ 5.ለተንሳኤ የማነ 6.ሂወት የማነ 7.ኣብርሀት የማነ፡ ከሰስቲ ወረ/ ስወእ መሓሪ የማነ ኪዳነ፡ 1. ወ/ት ውላዚት መሓሪ የማነ +2 ንምቅሊት ውርሲ. ዝምልከት ክሲ. ማሰራየምልኩም ስለዘለው፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

ሰላማዊት መብራህቱ፡ ስም ኣደይ ኣልማዝ ተኽለ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ኣልማዝ ተኽለይ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ቁ.37 ይቕረብ።

ኣዶናይ የውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ማሙቕ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ልዋም ቴድሮስ ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ ትንሳኤ መሓሪ ዑቕባ ምባል ተሪፉ፡ ለተትንሳኤ መሓሪ ዑቕባ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኣመልካቲት ኣንዝር፡ ስም ኣቦይ ዓምር መሓመድዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ ኣሚር መሓመድዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ወዘራ ዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ ወዘራ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሰሊያና ነጋ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ የሳን ነጋ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ይቕረብ።

ኣመልካቲ ትካል ቤት መግብን ማስተን ካራቨል ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ቴድሮስ ኣብርሃ ደበሳይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ቢንያም ኣብርሃ ደበሳይ ዘሎ ናይ ጥቕ ሕሳብ ምስራዝ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.35 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲ. ወረ/ኩ ኣብርሃም እማን ጓንጉል-ሳምሶም ኣብርሃም እማን፡ ተኸሰስቲ 1.ሳሌም ኣብርሃም እማን 2.ኤሸን ኣብርሃም እማን 3.ኢሳቕ ኣብርሃም እማን 4.ኑቢያት ኣብርሃም እማን 5.ይትባረኽ ኣብርሃም እማን ንምቅሊት ውርሲ. ክሲ. ኣብ ልዕሌኹም ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

ከሳሲ. ኣቶ ዑቕባሚካኤል ወልደየሃንስ ዘርኣይ፡ ተኸሰሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ መሓመድብርሃን በቲ ናይ 412,170.83 ናቕፋ ዝቐጸ፡ ናይ ገንዘብ ክሲ. ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ቁ.39 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጢ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ከሳሲት ምልእተ ዘርኡ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ መሓሪ ክፍለማርያም፡ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን19/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ሳባ ኣብርሃ ተኽለማርያም፡ ኣደይ ትዕበ ተኽሉ ምራጭ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ኣብ መንጎ ከሳሲ. ኣቶ ካሕሳይ ገብረወልደ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳባ ኢሳቕ፡ ዝቐረበ ሲቪላዊ ክሲ. ናይ ገዛ ዓጽያቶ ልዕሊ. 4 ወርሒ. ስለዘይኣ፡ ትጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ን18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጢ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ኣበባ ጺጋይ፡ በዓል-ቤተይ ተመስገን ኣድሓኖም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ከሳሲት ወ/ሮ ዓብዩሱብ ብርሃ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ተኪኤ ገብረወልዱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ተቐባሽ ኣሰፋው ዘለቀ፡ ኣዴና ወ/ሮ ሮዝበ ተኽለ እቶይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሓረጉ ወልደኪዳን፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ፊልሞን የማነ፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክርክር ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን25/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ግደይ ተወልደብርሃን ይሕደጎ፡ ኣደይ ለተገርግስ ሰበሃቱ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደርጋኣለም ኣድሓኖም ማዘንግዑ፡ ኣደይ ኣብርሀት ገብሩ ተፈሪ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ፊልሞን ዓንደማርያም፡ ዓባይ ፋና ዘርእዝጊ. ስለዝዋረፈት፡ ሓወቦይ ኣቶ ሃብተስላሴ መብራህቱን ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ኣቶ ገብረማስቀል ሃይለ ተስፋማርያም፡ ኣዴና ሂወት ሃወኪ. መሓሪ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ጺጋ ምሕረትኣብ ኪዳ፡ በዓል-ቤተይ መሓሪ ዘርኣ ወልድኣብ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ታየሽ ተገኘ፡ በዓልቤተይ ተስፋይ ደባስ ከበደም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኲዶ ፈላሲ.

ተኽኣ በየነ ተስፋማርያም፡ በዓል-ቤተይ ኣስመላሽ የውሃንስ ብርሃ ስለዝዋረፈ፡ ወላድ ስለዘይብልና፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዑና ዋጦት

ወ/ሮ ሳዕድያ ዐስማን ዑመር፡ በዓል-ቤተይ ኣሕመድ መሓመድ ዑመር ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣብ መንጎ ከሳሲ. ማሕበር ምትሕግጋዝ መድሃኔኣለም ደቀምሓረ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ነ/ሄር ደረስ ነጋሽ 1.1 በ/ቤቶም ወ/ሮ ኣበባ ብሩ 1.2 የናስ ደረስ 1.3 ዘርኣይ ደረስ 1.4 ሳሚኤል ደረስ 1.5 ዓንደብርሃን ደረስ 2. ሃለቃ ኤልያስ ዓንደብርሃን ዘሎ ናይ ገንዘብ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.2 የናስ ደረስ 1.3 ዘርኣይ ደረስ 1.4 ሳሚኤል ደረስ 1.5 ዓንደብርሃን ደረስ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን6/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ።

ቅሳነት ጠዓመ ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ማሙቕ ጠዓመ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ድሌት ጠዓመ ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ጠዓመ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

መሓመድ ሮሞዳን መሓመድ ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ሮሞዳን መሓመድ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ስሌማን፡ ስም ትሕተ፡ ዕድመ ጓለይ ፋጡማ እድሪስ ጣሂ ምባል ተሪፉ፡ ፋጡማ እድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣብበከር መሓመድ ዘምዝም ምባል ተሪፉ፡ ኣብበከር መሓመድሸኽ ዘምዝም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃይሉ ገብረኪዳን ሃብቱ፡ ኣመልካቲት ወ/ሮ ለተመድህን ጴጥሮስ ሓምድ ብዝዕባ ት/ዕድመ ደቕካ ዝምልከት ብቤተ ዘመድ ሸማግሌታት ዝተወሃበ ናይ ሞግዚት ሽመት ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 03 ከረን

ወ/ሮ ራህያ ምሳዮና፡ በዓል-ቤተይ ተኪኤ ጳውሎስ ገብራይ ስለዝዋረፈ፡ ናይ መጸምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ን/ዞባ ሎጎ ዓንሰባ መቕርካ

ኣዜብ ሰለሙን ተኽሉ፡ በዓል-ቤተይ ተኽለ መረሳዕ ገብረሚካኤል ስለዝተሰወኣ፡ ወላድ ስለዘይብልና፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ ተሰነይ

ሰሚራ ዐስማን ዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ ኣስመረት ተስፋስላሴ ተስፋዝጊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሽዕብ ሰውራ ዓዲ. ዑመር ተሰነይ

ኣመልካቲ ፍጹም ኣብርሃ እስማኤል፡ ተጸዋዒ ሓጎስ ገብረሃንስ እሴት፡ ካብ ተጸዋዒ ብዕለት 7/4/2014 ማኪና ዓይነት ሚስትብሽ፡ ሕብሪ ጻዕዳ፡ ሰሌዳ ቁ.ER-3-07930 ቁ.ቻሲ. FC212 E54312 ስርሓት ጃፓን ሞዴል 1998 ቁ/ሞቶረ 4D32.631968 ዝኾነት፡ ብዋጋ 280.000 ናቕፋ ሽዩጠለይ፡ ምሉእ ዋጋ ከፊለዮ ስም ዋንነት ክየመሓላለፈለይ ኣድራሻኡ ስለዝሰኣንኩዎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ይጸዋዓለይ ስለዝበለ፣ ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኲዶብዑር

ከሳሲት ኤደን ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ. ደበሳይ ሓይላት፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣነ ግርማይ ገብረትንሳኤ ሓድጉ ዝተበሃልኩ፡ ምስ ኣርባዕተ ኣሕዋተይ ወረስቲ ናይ ኣዴና ነ/ሄራት ሮማ ደረስ ፍስሃየ ኮይንና፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም. 09 ነበር ጎደና ሸ ቁ.ገዛ 21 ኣብ 63.70 ት.ሜ ዝተደኮነ፡ ብስም ኣዴና ሮማ ደረስ ፍስሃየ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ጊዜያዊ ምስክር ወረቐት ቁ.ምስክር ወረቐት 115016 መወከሲ. ቁጽሪ 105332/23 ዝተመዝገበ፡ እዚ. ናይ ዋንነት ምስክር ወረቐት ኦርጂናል ስለዝጠፍኣና፡ ነዚ. ሰነድ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተሎ፡ ብ ቁ.ቴሌ 07437145 ክሕብረና። እንተዘይሮይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ።

ግርማይ ገብረትንሳኤ ሓድጉ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቀዳማይ ዙር ሻምፕዮና ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ተዛዚሙ



ሻምፕዮና ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ብዘተኻየዱ ሰለስተ ግጥማት፡ ናይ ቀዳማይ ዙር ውድድሩ ዛዚሙ።

ኣብ'ታ ዕለት፡ ፈለማ ናይ ንኡሳን ምምሕዳራት ጋንታታት ጉዳይፍን ገጀረትን እየን ተፋሊመን። ኣብ ቀዳማይ እብረ ሸቶ ዘይተራእየ እዛ ጸወታ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ግና፡ ገጀረት ኣብ መበል 49 ደቒቕ ካብ የርዳኖስ ካሕሳይ፡ ጉዳይፍ ከኣ ኣብ መበል 89 ደቒቕ ካብ ሉልያ ሰመረ ብዘመዝገበአን ሸቶታት 1ብ1 ተፈላልየን። ኣባል ጋንታ ገጀረት የርዳኖስ ካሕሳይ ድማ ብልጽቲ ተጻዋቲ ናይ'ዛ ጸወታ ተባሂላ ተጻዊዓ።

ጸወታ ደንደን ኣንጻር ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰምበል፡ ድሒራ ዝተሰላሰለት እያ። እዛ ዘይማዛዘናዊት ዝነበረት ጸወታ፡ ብገፊሕ ዓወት ደንደን - 11ብ0 እያ ተዛዚማ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ቲ ግጥም ከኣ ዳናይት ሰሎሙን ካብ ደንደን ተጻዊዓ።

ሰዓት ኣርባዕተ ዝተሰርዐ ጸወታ፡ ኢንሹራንስ ኣንጻር ኩብንያ ሰገን እዩ። ኢንሹራንስ ምስ ደንደን ኣብ ማዕረ ነጥቢ ምስ ምንባሩ፡ ዓወት የገድሳ እዩ ነይሩ። ሰገን ከኣ፡ ካብዘን ክልተ ቅድሚኣ ዝነበራ ጋንታታት ብሓንቲ ነጥቢ ጥራይ ተፈንቲታ ብምንባሩ፡ እሞ ኸኣ ነዛ ጸወታ ምስ ትዕወተላ ካልኣይቲ ክትከውን ትኽእል ስለዝነበረት፡ ተመሳሳሊ ዓወት የገድሳ ነይሩ።

በዚ ኸኣ፡ ኩብንያ ሰገን፡ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ብመገዲ ፍዮና ገርግሽ ብዘመዝገበታ ሸቶ ንዕረፍቲ 1ብ0 መራሒ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ ኢንሹራንስ ኣብ መበል 52 ደቒቕ ካብ ሄርሜላ ቴድሮስ ሸቶ ብምቁጻራ ተመዓራሪያቶ። ይኹን'ምበር፡ ሰገን ኣብ መበል 75 ደቒቕ ካብ ቤተልሄም ዘኪያስ ደጊማ መራሕነት እተትሕዞ ሸቶ ረኺባ - 2ብ1 ከኣ ተዓዊታ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ከኣ፡ የርዳኖስ ትኩእ ካብ ሰገን ተረቚሓ።

በዚ መሰረት፡ ካብ ሽዱሽተ ግጥማት፡ ደንደን ብ16 ነጥቢ ትመርሕ ኣላ። ኩብንያ ሰገን ብ15 ነጥቢ፡ ኢንሹራንስ ብ13፡ ገጀረት ሽውዓተ፡ ጉዳይፍ ሽውዓተ፡ ሰምበል ሰለስተ፡ በሪኽ ከኣ ባዶ ብምሓዝ፡ ካብ ካልኣይቲ ክሳብ ሻውዐይቲ ተሰሪዐን ናይ ቀዳማይ ዙር ውድድረን ምዝዛመን፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## መሲ ኣይተኻእለን

ኣርጀንቲናዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ሊዮኔል መሲ፡ ረቡዕ ምሸት፡ ብዋግልያ ሓዳስ ክለብ ኢንተር ሚያሚ ሳልሰይቲ ጸወታኡ ኣብ ዘካየደሉ፡ ክልተ ሸቶታት ብምቑጻር ደማቒ ኣምሲዩ።

ኢንተር ሚያሚ፡ ኣብ'ዛ ናይ ሊግ ካፕ ጸወታ፡ ኣንጻር ኦርላንዶ ሲቲ ዝተባህለት ጋንታ እያ ተፋሊማ። መሲ፡ ቀዳሞት ኣብ ሻውዐይተን ኣብ መበል 72 ደቒቕ'ን ከምኡ'ውን ማርቲነዝ ብፍጹም ቅላዕ ኣብ መበል 51 ደቒቕ ብዘመዝገቦላ ሰለስተ ሸቶታት ከኣ ኒታ ኣብ 17 ደቒቕ ተመዓራሪያ ዝነበረት ኦርላንዶ 3ብ1 ኣሰኒፋታ። ናብ ዙር 16 ከኣ ሓሊፋ ኣላ - ኢንተር ሚያሚ።



ሚያሚ፡ ቅድሚ መሲ ምምጻኡ፡ ኣብ ተኸታተልቲ 11 ግጥማት ዓወት ተሓሪሙዋ እዩ ነይሩ። መሲ፡ ድሕሪ ምምጻኡ ግና፡ ኣብ ተኸታተልቲ ሰለስተ ግጥማት ናብ ጎደና ዓወት ክትምለስ ክኢላ ኣላ። መሲ፡ ብወገኑ፡ ካብ ሰለስተ ግጥማት - ሓሙሽተ ሸቶታት ካብ መዝገበ እንክሎ፡ ሓንቲ ቀረብ ገይሩ ደርኩቡ። ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ወዲ 36 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ቀዳመይቲ ብጫ ካርድ'ውን ኣብ'ዛ ጸወታ ተመዚዙዎ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ባርሳ ወዲ ጋንታኡ ንመሲ ዝነበረ ጆርዲ ኣልባ፡ ኣብ'ዛ ጸወታ ተቐይሩ ብምእታው፡ ብዋግልያ ሚያሚ ፋልመይቲ ጸወታኡ ኣካይዱ።

## ጎንቻሎ ራሞስ፡ ናብ ፒኤስጂ

ብመሰረት እሙናት ምንጪታት ማስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ፒኤስጂ፡ ኣጥቃዓይ በንፊካ ጎንቻሎ ራሞስ ንምውናን ተቓሪባ ኣላ።


ኣብ ዋና ከተማ ፓሪስ እትርከብ ፒኤስጂ፡ ንፖርቱጋላዊ ራሞስ ብ80 ሚልዮን ዩሮ (69 ሚልዮን ፓውንድ) ኣባላ ክትገብሮ እያ፡ ወዕላት ኣብ ምጽፋፍ እትርከብ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ቀዳማይ ሃትሪክ ዝሰርሐ ተጻዋታይ ተባሂሉ ዝተጸውዐ ራሞስ፡ ክሳብ ሰነ 2028 ዘጸንሖ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምዃኑ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ወዲ 22 ዓመት ትሰፉው ኣጥቃዓይ፡ ኣብዘን ዝመጻ ውሑዳት መዓልታት፡ ሕክምናዊ መርመራ ክካየድ ከምዝኽእል እዩ ዝገለጽ። ብዓብኡ ኸኣ፡ ፒኤስጂን በንፊካን ተሪፉወን ዘሎ ንኣሽቱ ጉዳያት ድሕሪ ምጽፋፈን ውዕል ናይ'ዚ ተጻዋታይ ኣብ'ዛ ሰሙን ክፍረም ትጽቢት ኣሎ።

ማን ዩናይትድ፡ ካብ ፈለማ እዛ ክረምቲ ኣትሒዛ ኣብ ልዕሊ ጎንቻሎ ራሞስ ልዑል ተገዳስነት ኣርእያ ነይራ እያ። ሓሊቓ ጋንታኡን ንራሞስ ወዲ ሃገሩን ዝኾነ ብሩኖ ፈርናንደዝ እውን፡ ነዚ ኣብ መጻኢ ሓደ ካብ ዝበለጹ ኣጥቃዕቲ ክኸውን ምዃኑ ዝገለጸ መንእሰይ ተጻዋታይ ከተፈርሞ ተማሕጺንዋ ነይሩ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ዩናይትድ፡ ራዳራ ናብ ደኒማርካዊ ኣጥቃዓይ ኣታላንታ ራስሙስ ሆይሉንድ ብምቕናዕ፡ ብ72 ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪማቶ ከምዘላ ወግዓዊ ክትገብሮ ተቓሪባ ምህላዋ እዩ ዝግለጽ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ብሓዱሽ ዓላሚ ሉዊስ ኤንሪክ እትእለም ዘላ ፒኤስጂ፡ ንራሞስ፡ ምስ'ቲ ካብ ባርሳ ክትፈርሞ ምዃና ዝግለጽ ዘሎ ኡስማን ደምበለ ሓቢሳ ክተምጽኦ እያ ትጽቢት ተገይሩላ ዝርከብ። እዛ ናይ ሊግ 1 ፈረንሳ ዝኾነት ጋንታ፡ ምስ ደምበለ ከምዝተሰማምዐት ክሕበር ቀጺሉ እዩ። ዓላሚ ባርሳ ዣቪ እውን እንተኾነ፡ ደምበለ፡ ናብ ፒኤስጂ ክጽምበር ምዃኑ ብምግላጽ፡ "ቁሩብ ተቐጢዐ ኣለኹ" ክብል ምፍናው/ምውጻኡ ብምርግጋጽ፡ ንማስርሕ ምስግጋሩ ከምዘይተቓበሎ ኣፍሊጡ እዩ።

ፒኤስጂ፡ ወሲ ተጻዋታያ ከይላን ምባፐ ውዕል ከምዘየናውሕ ድሕሪ ምግላጹ፡ ዛጊት ሰላም ሊይቲ ከምዘይሓደረት ይሕበር። ድሕሪ'ዚ ብሉጽ ተጻዋታይ ንዘዮጥማ ሓዳሽ ሂወት ኣብ ምድላው ዘላ እዛ ጋንታ፡ ኣብ ዓበይቲ ጽውኣት ከውዳድሩዋ ዝኽእሉ ተጻወትቲ ኣብ ምፍራምን ምንዳይን እያ እትርከብ። ስለ'ዚ እያ ኸኣ ነቶም ልዑል ብቕዓት ዘለዎም ተጻወትቲ ራሞስን ደምበለን ክትውድኣሎም ትጓየ ዘላ።



## ፖቸቲኖ፡ መጉዳእቲ ኑኩንኩ ደሓን ክኸውን ተተስፍዩ

ኣሰልጣኒ ክለብ ቸልሲ ማውሪሾ ፖቸቲኖ፡ ትማሊ ኣንጻር ቦሩሲያ ዶርትሙንድ ኣብ ዘካየድዎ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ብዋህሪምቲ ተቐይሩ ንዝወጸ ኣጥቃዓይ ክሪስቶፈር ንኩንኩ፡ መጉዳእቱ ከቢድ ከይከውን ተተስፍዩ።

ኣብ'ዛ ክረምቲ 52 ሚልዮን ፓውንድ ተኸፊልዎ ናብ ቸልሲ ዝተጸምበረ ንኩንኩ፡ ኣብ ቀዳሞት 20 ደቓይቕ ኣብ ብርኩ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ እዩ ተቐይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ። ብመጉዳእቲ እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ ዝተሻቐለ ፖቸቲኖ ከኣ፡ ማህሰይቱ ቀሊል ክኸውን ተስፋኡ ገሊጹ።

ንሱ፡ "እቶም ዶክትር ይምርምርዎ ኣለው። ተስፋ ይገብር ድማ፡ ከቢድ መጉዳእቲ ከይከውን። ቀልጢፉ ናብ ጋንታና ክጽምበር ከኣ እደሊ። ከምታት መጉዳእቱ ንምፍላጥ ግና፡ ቁሩብ መዓልታት ከድልየና እዩ፡ ናብ ለንደን ክይተመለስና ክንፈልጦ ድማ ኣጸጋሚ እዩ።" ክብል፡ ኣብ ሳዕኑ ቅላዕ መቐጸዕቲ ብምህራሙ'ውን፡ ፍጹም ቅላዕ ክውሃቦም ይግባእ ምንባሩ እዩ ዝገለጸ።



ብዘይካ'ዚ፡ "እቲ ዝተጻወትናሉ ሜዳ ንዝተፈላለየ ዓውደ ስፖርት ስለዝጥቀመሉ ብቑዕ ኣይኮነን። ንዕዱትና ከኣ ብገለ መጠኑ ሓደገኛ እዩ። ዕድል ኣይገበርናን፡ እንተኾነ፡ መጉዳእቲ ስለዘጋጠመና ንሜዳ ክንወቅሶን ከምዝርርን ኣይንኽእልን ኢና። ንዓይ ግና ሕማቕ ዕድል ነይሩ።" ኢሉ፡ ኣብ እትመጽእ ሓዳሽ ወቕተ-ስፖርት ፋልመይቲ ወግዓዊት ጸወታኡ ንምክያድ ዝዳሎ ዘሎ - ፖቸቲኖ።

እዚ ዓላሚ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቺካጎ ኣመሪካ ዝርከብን ዝተጻወቱሉን ሜዳ ክዛረብ ዝተቐሰቡሉ ምኽንያት፡ ስለ እተፈሓረ/እተፈሓቐ ንጸወታ ዘይምቹእ ብምንባሩ እዩ። ደገፍቲ ቸልሲ'ውን ተጻወትቶም ኣብ ሓደጋ ከይወድቁ ስግኣቶም ምግላጾም ይሕበር። እቲ ስታድዮም፡ ካብ ኩዕሶ እግሪ ወጻኢ፡ ኣብ ኣመሪካ ህቡብ ዝኾነ ዝተፈላለየ ዓውደ ስፖርት ዘሰናግድ ኮይኑ ናይ ህቡባት ደረፍቲ ኮንሰርት'ውን የሰናድእ እዩ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ካብ ዋንጫ ዓለም 2022 ብስራ መስበርቲ ዝጠፍኦ ንኩንኩ ኑቲ ዝሓለፈ ዓመት ብዋሕዲ ሸቶታት ዝተሳቐየ ቀዳማይ መስመር ቸልሲ ክፍወስ ልዑል ትጽቢት እናተገበረሉ ብምጉዳኡ፡ ንሰድራ-ቤት እዛ ጋንታ ኣሻቒሉ ኣሎ።

ቸልሲ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ኣመሪካ ኣንጻር ዶርትሙንድ ዘካየደቶ ጸወታ፡ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ካብ መንእሰይ ተጻዋታያ ማሰን በርስቶው ብዘመዝገቦ ሸቶ እያ 1ብ1 ተፈላልያ። ዶርትሙንድ፡ ቅድሚ 10 ደቒቕ ሸቶ ቸልሲ፡ ካብ ማርዩስ ዎልፍሽ ብዘመዝገቦ ሸቶ መራሕነት ሒዛ ነይራ እያ። በዚ ኸኣ ቸልሲ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጀሚራ ክተካይዶም ኣብ ዝጸንሐት ናይ ቅድመ ወቕቲ ግጥማት፡ ከይተሳዕረት - ኣብ ሰለስተ ዓወት ኣብ ክልተ ማዕረ ብምውጻእ፡ ናብ ፋልመይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኣ ኣብ ምቕማት ትርከብ። "ሰማያውያን" ዝብል ቅጽል ስም ዘለዎ ቸልሲ፡ ዝመጽእ 13 ነሓሰ እዩ፡ ኣንጻር እታ "ቀያሕቲ" ዝብል መጸውዒ ዘለዋ ሊቨርፑል ቀዳማይ ናይ ሊግ ጸወታኣ ከተካይድ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ኮሎምብያዊ ተኸላኻሊ ክለብ ኤቨርተን የሪ ሚና፡ ሎሚ ዓርቢ ብናጻ ናብ ኢጣልያዊት ክለብ ፊዮረንቲና ዘጽንብሮ ውዕል ክፍርም ምዃኑ ተቓሊሑ። ወዲ 28 ዓመት ሚና፡ ሕክምናዊ መርመራ ምሕላፉ'ውን ይገልጽ።

* ኣጥቃዓይ ጋንታ ኣርሰናል ጋብሪኤል ጀሱስ፡ ንእሽተይ ናይ ብርኪ መብጣሕቲ ብምክያዱ፡ ንገለ ሳምንቲ ሓዳሽ ዓመተ-ስፖርት 2023-24 ክኸስራ ምዃኑ፡ ዓላሚኡ ሚከል ኣርቴታ ኣፍሊጡ።

በዚ ኸኣ፡ ጀሱስ፡ ጋንታኡ ድሕሪ ጽባሕ ኣንጻር ማን ሲቲ ኣብ እተካይዶ ናይ ዋንጫ ጸወታ "ኮሙኒቲ ሽልድ" ኣይክሕግዛን እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መጀመርያ ሳምንቲ ወርሒ ነሓሰ ኣንጻር - ኖቲንግሃም፡ ክሪስታል ፓላስን ፉልሃምን ዘሰላስለወን ግጥማት ክበኩር ከምዘይኽእል ይእመት።

* ቸልሲ፡ ንእስጳኛዊ ሓላዊ ልዳት ክለብ ብራይተን ሮበርቶ ሳንቸዝ ንምፍራም፡ ኣብ ናይ ቋሕ ስም ግዜ ከምዝኣ ተቓሊሑ።

ተጻዋታይ ቸልሲ ክኸውን ከምዝደሊ ኣቐዲሙ ትምኒቱ ዝገለጸ ሳንቸዝ፡ ኣፋዊ ስምምዕ ከምዝገበረ እዩ ዝሕበር። ቸልሲን ብራይተንን ከኣ፡ ነቲ ዘይተርፍ ምዃኑ ዝግለጽ ምፍራም ውዕል፡ ኣብ መፈጸምታ ንምብጻሕ ደሰርሓ ኣለዋ። ቸልሲ፡ ነዚ ተጻዋታይ ብ20 ሚልዮን ፓውንድ (ምስ ተወሳኺ ሓሙሽተ ሚልዮን ናብ 25 ሚልዮን ፓውንድ ክብ ዝብል ምዃኑ ይግለጽ) እያ ከተፈርሞ ተሰማሚዓ ዘላ።

ቸልሲ፡ ሴኔጋላዊ ሓላዊ ማዕጾኣ ኤድዋርዶ መንዲ ናብ ስዑዲ ዓረብ ድሕሪ ምግዛኡ፡ ንኬፓ ኣሪዛባላጋ ተወዳዳሪ ክኸውን ዝኽእል ኣብ ስራሕ እያ ጸኒሓ።



* ካብ ማርሴ ድሕሪ ምውጻኡ ውዕል ኣልቦ ተጻዋታይ ኮይኑ ዘሎ ኣሌክሲስ ሳንቸዝ፡ ናብ ናይ ቀደም ክለቡ ኢንተር ሚላን ክምለስ ድሌት ኣሕዲሩ ኣሎ - ክትብል ጋዜጣ ኮሪየረ ደሎ ስፖርት ኣብ ዓምዳ ኣስፊራ።

ሳንቸዝ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ማርሴ ቅድሚ ምስግጋሩ፡ ንኽልተ ዓመታት ማልያ ኢንተር ለቢሱ ተጻዊቱ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን ከኣ፡ ካብ ስዑዲ ዓረብ ዝመጽኦ ጠለብ ነጺጉ፡ ዳግማይ ማልያ ኢንተር ክለብስ ካብዛ ኢጣልያዊት ጋንታ ሕቶ ክመጽኦ ይጽበ ምህላው፡ እዛ ምንጪ ተረድኢ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## መንግስቲ ህ.ሪ.ቻይና፡ ህጻናት ምስ ተንቀሳቓሰቲ ቴለፎናት ዘሕልፍዎ ግዜ ይድርት



ትካል ምቁጽጻር ስርዓት ኢንተርነት ቻይና፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ኢንተርነት ንምጥቃም ምስ ሞባይላቶም ዘሕልፍዎ ግዜ ኣብ መዓልቲ እንተበዝሐ ክልተ ሰዓታት ጥራይ ክኸውን ጸውዒት ኣቕሪቡ።

እቲ ትካል ኣብ ጸውዒቱ ኣፍሪዩቲ ትካላት ስማርት ፎን - ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም፡ ካብ ሰዓት 10:00 ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 6:00 ወጋሕታ ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ሞባይላቶም ኢንተርነት ከይጥቀሙ ዝኽልክል ፕሮግራም ክምዕብሉ እውን ከምዝደለየ ገሊጹ።

ብምስራት እቲ ትካል ኣውጺእዎ ዘሎ እማመ፡ ካብ 16 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት፡ ምስ ሞባይላቶም ዘሕልፍዎ ግዜ ኣብ መዓልቲ ክልተ ሰዓታት፡ ካብ ሸሞንተ ክሳብ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ሓደ ሰዓት፡ ትሕቲ ሸሞንተ ዓመት ዝኾኑ ህጻናት ድማ - ሸሞንተ ደቃይቕ ጥራይ ክፍቀደሎም ዝጠልብ እዩ።

ኣብ ትካል 'ሕጊ ሻንጋይ ሽንሉን' ጠበቓ ኮይኑ ዝሰርሕ ዢያ ሃይሎንግ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ሕጋጋት ንናይ ኢንተርነት ኩባንያታት ከቢድ ከምዝኸውን ኣሚቱ።

ንሱ ወሲኹ፡ ነቶም ሓደስቲ ናይ ቁጽጽር ሕጋጋት ብምኽባር ንምትግባር፡ ብዙሕ ጻዕርን ተወሳኺ ወጻኢታትን ከድሊ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሰበስልጣን ቻይና፡ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ጀሚሮም ብዛዕባ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ወልፊ ኢንተርነትን ንሱ ዘስዕቦ ሕማም ዓይኒን ስክፍታኦም ክገልጹ ምጽንሖም ይፍለጥ።

ኣብ 2021፡ መንግስቲ ቻይና ኣብ ልዕሊ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ናይ ቪድዮ ጌም እገዳ ኣንቢሩ ነይሩ።

## ኡጋንዳ - ብሓደጋ ጃልባ 20 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኡጋንዳ፡ ኣብ ማያት ቀላይ ቪክቶርያ ሓንቲ ጃልባ ብምጥሓላ፡ ብውሕዱ 20 ተሳፈርቲ ከም ዝሞቱን ካልኦት ሓሙሽተ ደሃዮም ከምዝጠፍኦን ተገሊጹ።

ፖሊስ እታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ጃልባ ልዕሊ ዓቕን ሰብን ኣቕሑን ጽዒና ከምዝነበረት፡ በዚ ድማ ንሓደጋ ከም



እተቓልዐት ኣመልኪቱ።

ትሸዓተ ካብ'ቶም ተሳፈርቲ ግን ከምዝደሓኑ፡ ፖሊስ ኡጋንዳ ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣባላት ህይወት ኣድሕንኦ ሃገር፡ ነቶም ዛጊት ደሃዮም ዘይተረኽበ ሰባት ንምድላይ ጻዕርታት የካይዱ ከምዘለዉ እውን ኣረዲኦም።

ፖሊስ ኡጋንዳ ኣብ መወዳእታ፡ "ጌየሾ ኣብ ማያዊ ኣካላት ኣብ ዝጓዓዙሉ እዋን፡ ኩሉ ግዜ ናይ ህይወት ኣድሕን ጃኬት ክለብሱ፡ ወነንቲ ጀላቡ ድማ - ልዕሊ ዓቕን ተሳፈርቲ ካብ ምጽዓን ክቖጠቡ ጸውዒት ነቕርብ" ክብል መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ኣስታት 70 ሽሕ ትርብዒት ኪ.ሜ ስፍሓት ከምዘውንን ዝግለጽ - ኣብ ኣፍሪቃ ዝዓበየ ቀላይ ቪክቶርያ፡ ኣብ ሞንጎ ኡጋንዳ፡ ኬንያን ታንዛንያን ከምዝርከብ ይፍለጥ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት'ውን ኣብ ቀላይ ቪክቶርያ ብዙሕ ሓደጋታት ጀላቡ ከምዝጋጠመ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ እቲ ሓደጋታት መብዝሕትኡ ግዜ ብሰንኪ ልዕሊ ዓቕን ጽዕነትን ሕማቕ ኩነታት ኣየርን ከምዝስዕብ የመልክቱ።

## ብራዚል፡ ኣብ ልዕሊ ገበነኛታት ስርሒት ኣካይዳ

ሓይልታት ጸጥታ ብራዚል፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ዝተዋፈሩ ናይ ገበን ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ስርሒት ከምዝካየዱ ተገሊጹ።

ኣብቲ ስርሒት፡ ኣብ መንጎ'ቶም ገበነኛታትን ሓይልታት ጸጥታን ብዝተኻየደ ናይ ተኹሲ ምልውዋጥ ድማ፡ ልዕሊ 10 ሰባት ከም እተቐትሉ ተሓቢሩ።

እቲ ስርሒት፡ ብቐንዱ ኣብ ሻውላት ከተማ ሪዮ ዲ ጀኔሮ ከምእተኻየደ ዝሓበሩ ሰበ-ስልጣን ጸጥታ ብራዚል፡ ብርክት ዝበለ ተተኮስቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝወዓሉን ሓያሎ ገበኛታት ከም እተቐተሉን ኣፍሊጦም።

ኣብ ከተማ ሪዮ ዲ ጀኔሮ፡ ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣንጻር ናይ ገበን ጉጅለታት ሓያሎ ስርሒታት ከም እተኻየደ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ'ታ ከተማ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሻውላት እታ ከተማ ድማ ብፍላይ ዝካየድ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ፡ ዝምታ ንብረት፡ ቅትለት፡ ጾታዊ ዓመጽን ካልእ ገበናትን እናወሰኸ ክመጽእ ምጽንሑ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም የገንዝቡ።




## ኣብ ፔሩ፡ ዝኸበደ ቅሪት ዓሳ ነባሪ ተረኺቡ

ኣብ ፔሩ ዝርከቡ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት፡ ኣብ ታሪኽ መሬት ዝኸበደ እንስሳ ክኸውን ከምዝኽእል ዝገለጽዎ ኣስከሬን/ቅሪት ናይ ዓሳ ነባሪ ከምዝረኸቡ ገሊጾም።

ቅድሚ ሕጂ ናይ 'ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ' ዝተባህለ ዓሌት ዓሳ ነባሪ - ዝኸበደ ቅሪት ተባሂሉ ኣብ መዝገብ ሰፊሩ ከምዝጸንሐ ዝገለጹ እቶም ስነ-ፍልጠተኛታት፡ እዚ ኣብ ፔሩ ዝተረኽበ 'ፐሩሰተስ' ናይ ዝተባህለ ዓሳ ነባሪ ቅሪት-ኣካላት፡ ነቲ ኣቐዲሙ ተመዝጊቡ ዝጸንሐ ሚዛን ከምዝበልጾ ሓቢሮም።

እቲ ቅድሚ ኣስታት 40 ሚልዮን ዓመታት ኣብ ዘመነ ኢያሰን ከምዝነበረ ዝተገልጸ ዓሳ ነባሪ፡ ቁመቱ ኣስታት 20 ሜትሮ ክኸውን እንከሎ፡ ክብደቱ ድማ ክሳብ 340 ቶን ከምዝበጽሕ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

"ቀንዲ ፍሉይነት ናይዚ እንስሳ፡ ዘለዎ ልዑል መጠን ክብደት እዩ" ክብል ኣብ ኢጣልያ - ዩኒቨርሲቲ ፒሳ ዝሰርሕ ተመራማሪ ስነ-ጥንቲ ጆቫኒ ቢያንቺ ገሊጹ።

እንተኾነ፡ ሽክፍን ስኒን ናይ'ቲ ኣስከሬን ብዘይምርካቡ፡ ኣብ ልዕሊ ኣመጋግባን ኣነባብራን እቲ ዓሳ ነባሪ ኣመልኪቶም ዝቐየዱ ዘለዉ መጽናዕቲታት ብዓቢኡ ኩነናም ከምዘለዉ፡ እቶም ስነ-ፍልጠተኛታት ወሲኾም ሓቢሮም።

ማእከላይ ገምጋም ሚዛን ዓሳ ነባሪ 180 ቶን ምዃኑ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ እቲ ኣቐዲሙ ዝኸበደ ተባሂሉ ኣብ መዝገብ ሰፊሩ ዝጸንሐ ሰማያዊ ዓሳ ነባሪ 33.5 ሜትሮ ቁመት ዘለዎ እኳ እንተኾነ፡ ክብደቱ ግን ኣስታት 190 ቶን ምዃኑ የረድኡ።

ገለ ክፋል ዓጽሚ እቲ ፔሩሰተስ ዝተሰምየ ዓሳ፡ ቅድሚ 10 ዓመት ተረኺቡ ምንባሩ ይሕበር።



## ኣገልግሎት ዜና ፈረንሳ፡ ኣብ ልዕሊ ኤሎን መስክ ክሲ መስሪቱ

ኣገልግሎት ዜና ፈረንሳ - ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ (ኤይኤፍ.ፒ)፡ ኣብ ልዕሊ ዋና እቲ ኣቐዲሙ ብትዊተር ዝፍለጥ ዝነበረ ኣብዚ እዋን ድማ ብ 'ኤክስ' ዝፍለጥ ዘሎ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢ ክሲ ከምዝመስረተ ተገሊጹ።

እቲ ኣገልግሎት ዜና ነቲ ክሲ ዘቕረበ፡ 'ኤሎን ማስክ ብዛዕባ ክፍሊት ምዝርጋሕ ዜና ዘተ ምኽያድ ኣብዩ' ብዝብል ምኽንያት እዩ።

እቲ ክሲ፡ ካብቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ 2019 ዘጽደቖ ሕጊ ዝበገሰ ኮይኑ፡ እቲ ሕጊ፡ ኩባንያታት ማሕበራዊ መራኸቢታት ዜና ኣብ መርበብ ሓበሬታኦን ንምዝርጋሕ ንጸሓፍቲ ዜና ክኸፍላ ዝገድድ እዩ።

ምንቅልቓል ኣታዊታት ኢጋጢሙወን ከምዘሎ ዝግለጻ ዓበይቲ ኣገልግሎታት ዜና ዓለምና፡ ከም ኤክስ፡ ሜታን ጉግልን ዝኣመሰላ ማሕበራዊ መራኸቢታት ካብ ዜናዊ ትሕዝቶታተን ንዝረኽብኦ መኽሰብ ምስኣተን ክኸፈላ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዘን ጸውዒት ከቕርባ ምጽንሐን ይግለጽ።

ካናዳ ብወገና፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ዓበይቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዓለምና ካብ ኣዳለውቲ ዜና ንዝወስዳኦ ዜናዊ ትሕዝቶታት - ዋጋ ክኸፍላ ዝጠልብ ሕጊ ከምዘጽደቐት ጸብጻባት የረድኡ።

ወናኒ ፈስቡክን ኢንስታግራምን ዝኾነ ሜታ፡ ነቲ ሕጊ ምላሽ ንምሃብ፡ ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ተጠቀምቲ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ዜናታት ንምቁራጽ መስርሕ ከምዝጀመረ ትማሊ ሰሉስ ኣፍሊጡ።

እንተኾነ፡ እቲ ብተደጋጋሚ ናብ ኣገልግሎታት ዜና ነቐፌታ ከምዘቕርብ ዝንገረሉ ኤሎን ማስክ፡ ነቲ ብኤይኤፍ.ፒ ዝቐረበሉ ክሲ ኺኢግዎ ኣሎ።



ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ፋሚሊ | 4/08/2023 | ጎደና 195፡6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ኳ. ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services